# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.277 ሰሉስ 21 ሓምለ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ምርኢት ስነ-ጥበብን ስእላዊ ውርሻታት ገድልን...



ገጽ 4




ብርኩት ሕትመት መጻሕፍቲ

ገጽ 5
ካብ ቤትና ዝረሓቐት ቤትና



ገጽ 7
ምልክታ

## ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራን ግብጽን፡ ኣብ ምዕዛዝ ክልተኣዊ ስትራተጅያዊ ሽርክነት ዘትዮም

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢን ሰንበት 19 ሓምለ ኣብ ካይሮ ኣብ ዘካየድዎ ርክብ፡ ኣብ ምዕዛዝ ታሪኻውን ሕውነታውን ዝምድናታትን ስትራተጅያዊ ሽርክነትን ኤርትራን ግብጽን ዘትዮም።

ክልተኦም ሚኒስተራት ብዘውሰኽ፡ ብዛዕባ ኩነታት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከምኡ'ውን ምውሃድ መርገጺታት ኤርትራን ግብጽን ኣብ ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ጉዳያት ብዕምቈት ተዘራሪቦም።

ኣብ'ቲ ርክብ ዶ/ር በድር፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ዓብዱልፈታሕ ኣልሲሲን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ስለ ዝተኻየድዎ ወጽኢታዊ ርክብ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ዝግበር ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን ንምድንፋዕ ዕቱብ ስጉምቲታት ይውሰድ ከምዘሎ ገሊጹ።

ዶ/ር በድር ኣስዒቡ፡ ኣማኻሪ ቁጠባ ፕረዚደንት ኣቶ ሓጐስ ገብረሂወት ዝመርሖ ላዕለዋይ ልኡኽ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ኣብ ግብጺ፣ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻእን ሚኒስተር መጉዓዝያን ዝመርሕዎን ኣካየድቲ ኩባንያታት ዝርከብዎን ላዕለዋይ ልኡኽ ግብጺ ድማ ኣብ ወርሒ ግንቦት ኣብ ኤርትራ ዝገበርዎ ዑደትን ዘተን፡ ኣብ ጽላታት ቁጠባ፡ ንግዲ፡ መጉዓዝያ፡ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ካልእን ቀዳምነታት ብምልላይ፡ ንዘሎ ዝምድናታትን ምትሕግጋዝን ንረብሓ ክልቲኡ ህዝብታት ብዝገልግል ናብ ሓድሽን ዝበረኸን መድረኽ ክብ ንምባሉ ድልዱል ባይታ ከምዝጣጥሐ ኣገንዚቡ።

ንጸጥታን ምሕደራን ቀይሕ ባሕሪ ብዝምልከት፡ ክልተኦም ሚኒስተራት፡ እቲ ጉዳይ ሓላፍነት ናይ'ተን ዝዳውብኦ ሃገራት ጥራይ ከምዝኾነ ብምንጻር፡ ካብ ዘይመዳውብቲ ሃገራት ንዝግበር ፈተነታት ብጽኑዕ ከምዝቃወሙ ኣረጋጊጾም። ልኣላውነት ሃገራትን ኣህጉራዊ ሕጊን ክኽበርን ብይናዊ ስጉምቲታት ክውገድን ድማ ጸዊዖም።

ብኻልእ ወገን፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ምስ ፍሉይ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ - ሚስተር መሰዓድ ቦሎስ ተራኺቡ።

ኣብ'ቲ ኣብ ካይሮ ንክልተ ሰዓታት ዝተጋበረ ርክብ፡ ኣብ ምምሕያሽ ዝምድናታት ኤርትራን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከምኡ'ውን ዞባዊ ጉዳያትን ምዕባለታትን ተዘራሪቦም።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ግብጺ ኣቶ ኣማን ዓብደልዋሰዕ ተሳቲፉ ነይሩ።



ሚኒስተር ዑስማን ምስ ሚ/ጉ/ወ ግብጺ



ሚኒስተር ዑስማን ምስ ፍሉይ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ትራምፕ

## ሃማደኤ ንደቂኣንስትዮ ተመሃሮ ኮለጃት ስልጠና ወዲቡ

ብሃማደኤ ዞባ ሳዋን ላዕለዋይ ትካላት ትምህርትን ዝተወደበ ስልጠና፡ ብ16ን 17ን ሓምለ ኣብ ኣስመራ ን45 ተመሃሮ ኮለጃት ደቂኣንስትዮ ተዋሂቡ።

እቲ ስልጠና፡ ንታሪኽን ኣመጻጽኣን ውዳበታት ደቂኣንስትዮ፣ ዓለምለኻዊ መረዳእታ ጀንደርን ማዕርነትን፣ ኑቡሶኻ ምፍላጥን ኣገዳስነቱን፣ ከምኡ'ውን ደቂኣንስትዮን ጥዕናን ዝብል ኣርእስትታት ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ሓላፊት ዞባ ሳዋን ላዕለዋይ ትካላት ትምህርትን ወ/ሮ ኣበራሽ ሁብታይ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ተሳተፍቲ ካብ ኩለን ኮለጃት ዝተወከላ ተመሃሮ ምዃነን ብምጥቃስ፡ ተፈጢሩለን ንዘሎ ዕድላት ትምህርቲ ተገንዚበን ክምዝምዝኦ፡ ከምኡ'ውን ንመዘኑኣን ብእወታ ክጸልዋ ትጽቢት ከምዝገበረለን ገሊጻ።

ስልጠንቲ ብወገነን፡ እቲ ዝተላዕለ ዛዕባታት ኣገዳስነቱ ልዑል ስለዝኾነ፡ ናብ ኩለን ክባጻሕ ተማሕጺነን።





ስእሊ ዙቤር ሰዒድ

ኣብ መወዳእታ፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኸኣ ተስፋሚካኤል፡ ተሳተፍቲ ኣብ ኩሉ መዳያት መሪሕን ኣብነትን ብምዃን ኣበርክቶአን ከሐይላ፣ ኣብ ንጥፈታተን ድማ ንዘሎ ዕድላትን ክውንነትን ከዘምዳ መኺረ።

ዜና

# ፈስቲቫል 2026 - ዓቕሚ ምህዞን ሰንዓን መንእሰያት ዝንጸባረቐሉ

ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026 ቀሪቡ ዘሎ ውጽኢት ምህዞን ሰንዓን ከምኡ'ውን ቴክኖሎጂ ሱቡ-ሰርሖ ብልሒ፡ መንእሰያትና ኣጥርዮሞ ንዘለዉ ዓቕሚን ብቕዓትን ዘንጸባርቕ ምዃኑ ተሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ሓደሽን ውዱእን ተወዳዳሪ ምህዞታትን ብመንገዲ ሱብ-ሰርሖ ብልሒ ናይ ዓያይነት መንፈስ ንምስራጽ ዝሕግዝ ጥቡብን፡ ኮብ'ቲ ንኣጋድያን ዝያዳ ዝመሰጠ ኰይኑ'ሎ።

ኤሪና ዝተወከሱዎም ወሃብቲ ርእይቶ፡ ምህዞን ሰንዓን ክምዕብል ዝኽእል ብምትብባዕ ስለዝኾኑ፡ ምትብባዕን ደገፍን ሕብረተሰብን ኣካላት መንግስትን ከይፍለዮም ተላብዮም።

ኣወሃሃዲ መደብት ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ሃገራዊ ፈስቲቫል 2026 ኢንጂነር ልኡል ኪዳን ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ቀሪቡ ዘሎ ኣስታት 35 ዝበጽሕ ሰንዓታት፡ ንሕብረተሰብ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታቱ ዝሕግዝ ከምዝኾኑ ገሊጹ።

እቲ ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ እንስሳ ዘገልግላ ጡሓንቲ ቃንጫን ጨጨፍቲ ዑፍንን ማሽናት፣ ካብ ዝተዋህለለ ጐሓፉት ፍሓም እትምስርሕ ማሽን፣ ካብ ኣቑጽልቲ ኣእካልን ጥረታትን ዝተመስርሐ ፍቱን ናይ ጸጉሪ ርእሲ ቅብኣት፣ ቁጡቡቲ ጸዓት ሞጎጎን ካልእ ማሽናትን፣ ርሕቀት ንምፍላጥ እትሕግዝ መሳርሒት፣ ከምኡ'ውን ኣናጹ ክጻወርኦ ዘይክእላ ኤለክትሮኒካዊ ድምጻን ካልእን የጠቓልል።

ኣቕረብቲ ምህዞን ሰንዓን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ፈስቲቫል - ፍልጠትካን ዓቕሚኻን ብዝምጉእ ክተርእየሉን ርእይቶ ክትረኽበሉን እትኽእል መድረኽ ስለዝኾኑ፡ ሃናጺ ርእይቶታት ህዝቢ ተቐቢሎም ዝነደሎም ክእርሙን ክምልኡን ድሉዋት ምዃኖም ገሊጾም።


ስእሊ-ክብሮም ጸሃየ

# ጸሮና - ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ተናኢዱ

ሳላ ወሃድ ጻዕሪን መምሃራንን ወለድን መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣብ ንኡስ ዞባ ጸሮና እናሓየለ ይመጽእ ከም ዘሎ ሓላፊ ትካላት ትምህርቲ መምህር ሰልጠነ ጉብረየናስ ሓቢሩ።

ጎስጓስ ትምህርቲ ንምጥምጋም ብ7ን 8ን ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ መምህር ሰልጠነ ጉብረየናስ፡ ተሳታፍነት ተመሃሮ ብሓፈሻ ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ እናበረኸ ይመጽእ ከምዝሎ ብምሕባር፡ ዝተመዝገበ ዓወት ንምድንፋዕ ቀጻሊ ጻዕሪ ክግበር ኣዘኻኺሩ።

ኣብዚ ዓመት'ዚ መጠን ምሕላፍ ተመሃሮ ኣብ መባእታ 84% ኣብ ማእከላይ ደረጃ 82.5% ኣብ ካልኣይ ደረጃ ድማ 80.5% ከም ዝበረ፣ ምስ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ ከኣ ዝሓሸ ዕብየት ከም ዘርኣየ ዝገለጸ መምህር ሰልጠነ፡ ብንኡስ ዞባ ደረጃ 83.2% መጠን ምሕላፍ ከምዝርኣዩ ሓቢሩ።

ሓላፍ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ሁብትዝጊ ኪዳን ብወገኑ፡ ሞያዊ ዓቕሚ መምህራን ንምዕባይ ኣብ ቀረባ ግዜ ዝትግበር ናይ ስልጠና መደብ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ። ህዝቢ ኣብ ምስራሕ ተወሰኽቲ ክፍልታት ኣበርክቶኡ ከሐይል ከም ዘለዎ ድሕሪ ምሕባር፡ ንተመሃሮ 8ይ ክፍሊን 11 ክፍልን ዝያዳ ሓገዞት ኣብ ትምህርቲ ክግበረሎም ተላብዩ።

ግዚያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጸሮና ኣቶ ሃይለ መንገሻ ድማ ኮሚቴ ወለዲ ምስ ኣብያተ ትምህርቲ ብምውህሃድ ኣብ ምዕዋት ሽቶታት ትምህርቲ ብንጥፈት ክዋስኡ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጸሮና ካብ ቅድመ ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ 40 ትካላት ትምህርቲ ኣለዋ።

# ናቕፋ - ዝናብ ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ዝሃረመ ህቡብላን በረድን ዝተሓወሶ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ንብረት፡ መንበሪ ኣባይቲ፡ ኣግራብ፡ ትሕተ-ቅርጺ ሕርሻን መስመራት ኤለክትሪክን ጉድኣት ከምዘውረደ፡ ደንገዩ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ቡቲ ብ9 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ-ቐትሪ ዝወቐዐ ዝናብ፡ 6 ክፍልታት ብማሕበር ዝተጠርነፉ ሰንኩላን ኩናት፡ ቤት-ጽሕፈት ህንጻ ኩባንያ ሰገን፡ ቤት-ጽሕፈት መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ከምኡ'ውን 34 መንበሪ ኣባይቲ ጉድኣት ከምዝወረዶ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

# ገልዓሎ - ምንጪታት ዝሰተ ማይ እንስሳታት ዘገዳም ንምስፋሕ ይሰራሕ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ዋሕዲ ማይ ዝጠንቁ ሰደትን ሞትን እንስሳታት ዘገዳም ንምግታእ፡ ምንጪታት ዝሰተ ማይ ንምስፋሕ ይስራሕ ኣሎ።

ቡቲ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ሕርሻን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ዝዕመም ዘሎ ስራሕ፡ ድሮ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ባርዶሊን ገልዓሎን 19 ጋብላታት ከምእተሰርሐ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ሓላፊ ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ መሓመድ ዓብዱ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኣብ'ቲ ከባቢ ብዝተኸስተ ደርቂ ዒላታት ስለዝነጸፉ ዋሕዲ ማይ ከምዝጋጠመ፡ ብሰንኩ ድማ ብርክት ዝበላ እንስሳታት ዘገዳም ከምዝሞታን ከምእተሰዳን ብምጥቃስ፡ እቲ ተዋዲዱ ዘሎ ጋብላታት ዝ ከወግድ ትጽቢት ከምዝግበር ገሊጹ።

ካብ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኣቶ ሳልሕ እድሪስ ብወገኑ፡ ውጽኢት ናይ'ቲ ተሰሪሑ ዘሎ ጋብላታት ተራእዩ፡ ንምስፍሑ ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ከባቢ ኢንገል ብብዝሒ እንስሳታት ዘገዳምን ኣግራብን ዝልለ'ዩ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም   ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ   ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍስ 125013 - ቍሳጳ 1284

ሪፖርታዥ

# ምርኢት ስነ-ጥበብን ስእላዊ ውርሻታት ገድሊን ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ

መርሃዊ ገብረሚካኤል

ዝሓለፈ ቀዳም 18 ሓምለ 2026 ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ብወዕወዐ መንፈስ መጋረጃኡ ከም ዝኸፈተ ብዙተፈላለየ ማዕከናት ዜና ሃገርና ተኸታቲልኩሞ ኣለኹም። ኣብቲ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ላዕለዎት ሓለፍቲ ግንባር፣ ሚኒስተራት፣ መራሕቲ ሃይማኖትን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ሓለፍቲን ዕዱማትን ዝተረኸቡሉ ኢጋጣሚ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ዝተኸፍተ ሃገራዊ ፈስቲቫል እምብኣር፣ ብርክት ዝበሉ ንጥፈታት ምስልሳሉ ይፍለጥ።

ብወገና ኑቲ መመሊሱ ዝፍልፍል ሸሻይ ዝሕፈሶ መጋርያ ፈስቲቫልና ንምድህሳስ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈትና ኣንጊህና ኢና ተበጊስና። ናብ ቀጽሪ ኤክስፖ ንምእታው ፈለማ ብምዕራባዊ ወገን ናይቲ ቐጽሪ ካብታ ሒዛትና ዝመጸት ሓራት ድሕሪ ምውራድና፣ ትኽ ኢልና ናብቲ ብድሙቕ መዚቃ ዝተሰነዩ ንጹሕቲ ዘወናውን ፍርያተን ንምውዕዋዕ መጉልሒ ድምጺ ዘዋደዳ ወሩብቲ ኣገልግሎትን ትካላትን ብሓፈሻ ንቐልቢ ዝስሕብ ምንቅስቓስ ዝረኣዩ ዝበረ ኣንፈት ኣምራሕና።

ነጋዳያን ሸሻይ ፈስቲቫል ኤርትራ ንምቁዳስ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ እናተጓዕዙ ትሕዝቶ ቀጽሪ ኤክስፖ ክብርብሩ ተዓዚብና። ብፍላይ ኣብ ወሸጢ'ቲ ቐጽሪ ንሸነኽ ሰሜናዊ ምዕራብ ዝወሰድ ኣንፈት ብዙሓት ሰባት ክውሕዙ ኣስተብሂልና። ብወገንና፣ እንታይነት ናይቲ ንቐልቢ ነጋድያን ስሒቡ ዝበረ ሸሻይ ንምፍላጥ ኣብ ዝበርናዮ ዳህሳስ ድማ ምስጢር ዋሕዚ ነጋድያን ክበርሃልና ከኣሉ።

ፈስቲቫል ኤርትራ ክንዮ'ቲ ካብ ሸዱሽተ ዞባታትን ትሸዓተ ብሄራትን ዝመጽኡ ተሳተፍቲ ከምኡ'ውን ነጋድያንን ዝፈጥሮ ናይ ምትእኽኻብን መድረኽ፣ ኣብ መንእሰያትን ሓያስቲ ወለዶን ዘስርጾ ጦብላሕታ፣ ታሪኽኻን መንነትካን ክትፈልጥ ናይ ምድላይ ባህጊ፣ ጽባቐ ባህላዊ ብዙሕነት ንምልላይ ኮነ ንምድራዕ ዝፈጥሮ ባይታ ማዕኮ ኣልቦ እዩ። እዚ ብምኽንያት ድማ እዩ ዝበዝሑ ኣብ ክሊ ዕድመ መንእሰይ ዝርከቡ ነጋድያን ናብ ኣደራሽ ምርኢት ስነ-ጥበብ፣ ስእላዊ ውርሻታት ገድልን ክምርሑ ዝተዓዘብና።



ድሕሪዚ ንሕና'ውን ከም ስብና ናብቲ "ምርኢት ስነ-ጥበብን ስእላዊ ውርሻታት ገድልን" ዝብል ጽሑፍ ዝተሰቕሎ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ምክልኻልን ሚኒስትሪ ዜናን ዝተዳለወ ኣደራሽ ዘቕናዕና።

ኣብ ኣፍ ደገ ናይቲ ኣደራሽ ምሉእ ወተሃደራዊ ዩኒፎርም ለቢሶም ዝጸንሑና ኣባላት ድማ ብብሩህ ገጽ ተቐቢሎም ትሕዝቶኦም ከኣንግዱናን ክሰልዩናን ጀመሩ።

ናብ'ቲ ኣደራሽ ኣብ ዝኣተናሉ፣ ፈለማ ዝተዓዘብናዮ ብኣሃዱታት መራኸቢታት፣ ሕክምና፣ ስነ ጽሑፍ ከምኡ'ውን ሰንቂ ዝተዳለወ ብዙሕ ነገራዊን ስእላዊን ምርኢት እዩ ነይሩ። እቲ ንሰውራ ኤርትራ ማእከል ዝገበረ ትሕዝቶ ዝበሮ ኣደራሽ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜያት ካብ 70ታት ክሳብ ናጽነት ከም መራኸቢ ዘገልግሉ ዝበሩ ማእሊያ ዘይብሎን ረደዮ ርክባት፣ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልስን ኣሃዱታት ሕክምና ከም መሳርሒ ዝጥቀሙሉም ዝበሩ ዝተፈላለዩ ነገራት ከም ማስየዲ ኩርምቲ ዝኣመሰሉ መሳለጥያታት፣ ኣብ ግዜ ቃልሲ ዝበሩ ዝተፈላለያ መጽሔታት፣ መጻሕፍቲን ጋዜጣታትን ብቛንቋታት ትግርኛን ዓረብን፣ ማዕከሲ መሳርሒታት መዚቃ፣ ኣሃዱ ሰንቂ ኣብ ግዜ ቃልሲ ንተፈጥሮኣዊን ሰብ ሰርሓን ክበድቲ ጸገማት እዋናት በዒሁ ሰንቂ ናብ ተዋጋእቲ ኣሃዱታት ንምብጻሕ ዝኸፈሎ ዝበረ መስዋእቲን ዝሓለፈ ዝበረ መሰገደልን ከምኡ'ውን ድሕሪ ናጽነት ኣብ ልምዓትን ልኡላውነት ሃገር ምውሓስን ዝተሰርሐ ቅያ ዘንጸባርቕ እዩ ነይሩ።



ስነ-ጥበበኛ መትከል የማነ

ኣብ ወሸጢ'ቲ ኣደራሽ፣ ስነ-ጥበበኛ ሰለሙን ኣብርሃ ካብ መኮኣን ኽፍሻሽን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል፣ ኑቲ ብትግሃት ክየሞ ሓለፍት ዝተዋህቦ ምርኢት ንህዝቢ እናገለጸ ከሎ ኢና ረኺብናዮ። ንሱ ኣብ መግለጺኡ፣ መበገሲ ናይቲ ዘቕርቦ ዝበረ መግለጺ ብቐንዲ ርእሱ ብሓለፈ መኮኣን ኽፍሻሽን ሓበሬታን ሚጀር ፍስሃየ ተኽለይ ዝቐረበ ኮይኑ፣ ውርሻታት ገድሊ ንዝመጽእ ወለዶ ንምውራስ ዝዓለመ ምዃኑ የረድእ። በዚ መሰረት፣ ካብ ነፍሲ ወከፍ ኣሃዱታት ተዋጺኦም ናብ ቀጽሪ ኤክስፖ ብምምጻእ ነጋድያን ኣብ ምስሳይ ከም ዝርከቡ ይሕብር።

ናይ ለሚ ዓመት ትሕዝቶ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ፍልይ ዝበለ ምዃኑ ዝጠቐሰ ሰሉጥበበኛ ሰለሙን፣ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት "መኩብሮ ገድሊ" ብዝብል ኣርእስቲ ይቐርብ ምንባሩ እዩ ዘረድእ። ናይ ለሚ ዓመት ግና ብፍሉይ፣ "ምርኢት ውርሻታት ገድሊ" ዝብል ስያመ ብምሓዙ፣ ብዝሰፍሐ መልክዑ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ኩሉ መዳያት ዝሓለፎ መስገደል ብዝተመሓየሸ ሸነኽ ንምቕራብ ተፈቲኑ ምህላዉ ይገልጽ።

ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ምርኢት ድማ ብሓፈሻ ንሓያስቲ ወለዶ፣ ንመንእሰያት ድማ ብፍላይ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ክንጾ ብቓላት፣ ብስእላዊን ነገራዊን መንገዲ ምልላይ፣ ከምኡ'ውን ብዝዕባ ህዝባዊ ግንባርን መራሕቱን ዝሓለፍ ብዩሆታትን ዝፈጸሞም መስተንክራውያን ቅያታትን ዓሚቕ ኣፍልጦ ከም ዝህልዎም ንምግባር ዝዓለመ ምዃኑ ኣረዲኡ።

እዚ ኣብ ኣደራሽ ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ፣ ታሪኽ ኣብ ምዕቃብ ኮነ ምስግጋር ዝህልዎ ኣበርክቶ ክገልጽ እንከሎ ድማ፣ ደቂ ሰብ ካብ ብኣዝናም ዝሰምዕዎ ዚያዳ ብዓይናም ዝርእይዎ ከም ዝኣምኑ ብምጥቃስ፣ ኑቲ ብዕላል ጥራይ ዝፈልጥዎ ታሪኽ ብስእላዊ ኣገባብ ተጠቒምካ ክተላልየሎምን ክተረድኦምን ከም ዝቐልል ይሕብር። ኣሰዒቡ ድማ፣ ብመንገዲ ስእሊ ኣብልካ ኣብ ኣእምሮ ሓደ ሰብ ትፈጥሮ ጦብላሕታ ፍሉይነት ስለ ዘለዎ፣ ኑቲ ብሰናዕቲ ታሪኽን ምትእትታው ኣርቲፊሻላዊ ብልሒ (AI) ን ዝጥምዝዘ ዘሎ ታሪኽ ብሓቀኛ መንገዲ ምስ ህዝቢ ምልላይ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ሰሉጥበበኛ ሰለሞን ኣብ መወዳእታ፣ ኣብ ምህናጽን ምክልኻል ተውለ ስርሓት እናዓመመ ዘሰላስሎም ንጥፈታት ዘንጸባርቕ እዩ ነይሩ። ብሓፈሻ እቶም ቅብኣታት ቀንዲ ኣተኩሮኦም ንህሉው መድረኽ ማእከል ዝገበሩ ቅብኣታት ምዃኖም እዩ ኣባል መኮኣን ሓበሬታን ኽፍሻሽን ሚ/ሪ ምክልኻል ሰሉጥበበኛ መትከል የማነ ዘበርሀ።



ስነ-ጥበበኛ ሰለሙን ኣብርሃ

ሰሉጥበበኛ መትከል፣ ንፍሉይነት ናይ'ዞም ቅብኣታት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፣ ንጸወዒት ልምዓትን ህንጻትን ሃገር ዝድርዕ ሃገርና፣ ብልጽግቲን ርግኣት ዝሰፈና ደሴት ሰላምን ንምግባር ዝካየድ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት፣ ብቕብኣዊ መዳይ "ኢክስፖ ኣብ ከርሳ ሓቚፉቶ ዘላ ታሪኽ ንባዕሉ ፍሉይነት ኣለዎ። መንነት ድማ ክብረት'ዩ" ድሕሪ ምባል፣ ኣዚ ክብረት'ዚ ንምዕቃቡ መንእሰያት ታሪኽ ሃገሮም ብዕምቆት ክፈልጡን ክርድኡን ኣዚ ተኸፊቱ ዘሎ መድረኽ ውርሻታት ገድሊ ድማ ክኸስቡሉ ተላቢዩ። ኣሰዒቡ ድማ ዝተፈላለያ ኣሃዱታት ምስ ብረታዊ ቃልሲ ተጋደልቲ ገዚኦ ርእሰንን ልዑል ምትእስሳር ኣብ ዘለዎም ቅርሲታት ጥቡቕ ናይ ስራሕ ንጥፈታት ከበጋሳ፣ ከምኡ'ውን ኣብዚ ምርኢት ቀሪቡ ዘሎ ቅርሲታት ዝጠዘለ ኣብ ክንዲ ብወከልቲ ኣባላት ዝግለጽ፣ ኑቲ ንብረት ብዋንኡ ዝፈልጥዎ ካብ ነፍሲ ወከፍ ኣሃዱ ዝተዋጽኡ ኣባላት ንህዝቢ ክገልጹሉ ዘኽእል ኩነት ክፍጠር ኣተሓሳሰበ።

ቀጺልና ናብ'ቶም ሓደ ካብ ሓደ ዘይፈላለዩ ንዓይኒ ዘስሕቡ ብሕብረ ቀለማት ዝማዕረጉ ቅብኣታት ኢና ኣምሪሕና። እቶም ቅብኣታት ኣብ ምክልኻል ሃገር፣ ምዕቃብ ልኡላውነት፣ ዳግመ ህንጻ ሃገር፣ ንሓፈሻዊ ባህሊን ልምዓትን መኩብሮ ሰራዊት ምስ ሕብረተሰብ ብምትእስሳር ንምጉስጓስን ንምዝኽኻርን ምኳኑ ኣረዲኡ። ኣሰዒቡ ድማ ዝበዝሑ ነጋድያን ኣደራሽ ውርሻታት ገድሊ፣ ተረኺቡቲ ሃገር ዝኾኑ ነኣሽቱ መንእሰያት እዮም። እዞም ቅብኣታት ንህሉው መድረኽ ጥራይ ዝውክሉ ዘይኮኑ፣ ኣብ ምስግጋር ታሪኽ ናብ ወለዶታት ዕዙዝ ግደ ዘለዎም ብምዃኖም፣ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምውቃዕ ኑቲ ትሕዝቶ ሒዞም ከም ዝመጽኡ ብዝርዝር ኣብሪሁ። ኣብ መወዳእታ ድማ፣ "ሃገር ንምምጻእ ዝተኸፍለ ማሰዋእቲ ንማንም ኤርትራዊ ዝሰወር ኣይኮነን" ድሕሪ ምባል፣ በዚ መሰረት መንእሰያት ሃገርን መድረኽን ዝጠልቦ ቅድመ ኩነት ከየማልኡ ብምዝኽኻር፣ ንምዕባለኣ ብትግሃት ክሰርሑ፣ ልኡላውነታ ከውሕሱን ደሊውኑየም ከዕዘዙን ኣተሓሳሰበ።



ሕሩይ ግርማይ

ኣባል ኽፍሻሽን ሓበሬታን ኣውዳዩ ቪዥዋል ጨንፈር ዜና ዝኾነ ሕሩይ ግርማይ ብወገኑ፣ ኣብ ኣደራሽ ውርሻታት ገድሊ ቀሪቦም ዘለዉ ኣሳእል፣ ኣብ ልምዓትን ምክልኻል ሃገርን ዘድሃቡ ኮይኖም፣ ኣብ ምውርራስ መሪሕ ተራ ክጻወቱ ትጽቢት ከም ዝግበሩ ገለጸ።

ትሕዝቶ ስእላዊ ምርኢት ካብ ቅድሚ ዓሚ ጀሚሮም ንህዝቢ ክፉታት ኮይኖም ከም ዘለዉ ዝጠቐሰ ሕሩይ፣ መብዝሕትኦም እዞም ስእልታት ካብ 2022 ዝተሰነዱ ምዃኖም ሓቢሩ። ሓፈሻዊ ዕላማ ናይ'ቲ ገድላዊን ልምዓታዊን ስእሊ ድማ፣ ህዝቢን መንግስቲን፣ ሃገርን ሰራዊትን ዝሓለፎን ኾ'ውን ዝሓልፎ ዘሎ ጸገምር ኩነትን ሃዋህውን ብንጹር ንምብራህን ንተኻእቲ ወለዶ ብሰፊሑ ንምግላጽ ምዃኑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብዚ ድሮ ካብ ዝፍልም መዓልታት ኣቝጺሩ ዘሎ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፣ ንትሕዝቶ ናይ'ዚ ኣደራሽ ኣመልኪቶም ካብ ህዝቢ ዝመጽኡ ዘለዉ ግብረ መልሲ ኣተባብዒ ምዃኑ ዝገለጸ ሕሩይ ግርማይ፣ ስራሕ ሓደ ካብቲ ሓያል ጎድኒ ሚኒስትሪ ምክልኻል ብምዃኑ፣ ኣብ ቀጻሊ ብዝበለጸ ክሳብ ብዙንቀሳቓሲ ስእሊ ዝቐርበሉ ባይታ ኣብ ምፍጣር ኣበርቲዑ ክሰርሕ ከም ዝተላበዎም ብምጥቃስ፣ ኣብ መጻኢ ዝምልከቶ ኣካል ንርእይቶ ነጋድያን ፈስቲቫል ኤርትራ ዘዕግብ ስራሕ ሒዙ ክቐርብ ኣተሓሳሰበ።

ፈስቲቫል ኤርትራ 2026 ብዙተፈላለዩ ፍርያት ደሚቑ፣ ብኸኑብ ዝበለ ስነ ስርዓት እዩ ዝጽንበል ዘሎ። "ምርኢት ስነ-ጥበብን ስእላዊ ውርሻታት ገድልን" ድማ ብፍላይ ለሚ ዓመት'ውን ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ብዓይነቱን ትሕዝቶኡን ፍልይ ዝበለ ጥበባትን ፍርያትን ቀሪቡ፣ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ይጽበየኩም ኣሎ። በዚ ኢጋጥሚ ክትበጽሕዎን ተቛደስቲ ሸሻያቱ ክትከውኑን ጣቡ ኣርሕዩ "ታሪኽ ክሰቡ" ይብል ኣሎም ሃዋ ደኣ ንኸሰብሉ።



ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ካብ ቤትና ዝረሓቕት ቤትና

ሚርያም ዮሴፍ

ናብ ሳዋ ኣብ ዝወረድናሉ ግዜ፡ ከም ኵሉ ንመጀመርታ ግዜኡ ካብ ገዛኡ ዝወጽእ ሰብ፡ ምግያሽ፡ ምድንጋር፡ ቀጨውጨው ምባል ንቡር ተርእዮ እዩ ነይሩ። ብፍላይ ኣብተን ቀዳሞት መዓልታት፡ ምስ ሓድሽ ሰብን ባህርን ክሳዕ እትላለ፡ ናይ ጋሻ ስምዒት እዩ ዝስምዓካ። ኣብ ሳዋ ዝሕለፍናዮ ህይወትን ዝቐሰምናዮ ትምህርትን ብቓላት ጽሒፍካ ዘውዳእ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ኣብተን ፈለማ መዓልታት ካብ ዘጋጠማና መስሓቕ ፍጻሜታት ግን ኵሉ ግዜ ኣብ ኣእምሮይ ካብ ዝተቐርጻ እየን።

መዓስከር ሳዋ፡ ብፍላይ መደቀሲ ሃንገራት፡ ሓደ ዓይነት ኣሰራርሓ ዘሎዎ፡ ሓደ ካብቲ ንዘኾነ ጋሻ ዘደናግር ገዛውቲ እዩ። ብየማን ዲና ኣቲና ብጸጋም፡ ንድሕሪት ዲና ንወጽእ ንቕድሚት ዝተደናገርናሉ መዓልታት ውሑድ ኣይነበረን። ኣሃዱና ካልኣይ ሓይሊ ማለት ኣብ ማእከላይ ወገን ናይቲ ሃንገር ስለ ዝነበረ፡ ዓይኒ ምድሪ ክንጥቀም ንየማንና ወይ ጸጋምና ዘሎ ኣሃዱታት ረጊጽና ኢና እንሓልፍ። ክትምለስ ከለኻ ተጋጊኻ ናብ ዘይኣሃዱኻ ሃንገር ምእታው ናይ ፈለማ ንቡር ተርእዮ እዩ ነይሩ። ጓል ኣዲንነ እንብላ፡ ካብ ጎኒ ዝመጽኣት ጓል ሓይልና፡ መስርዓ ንምርካብ ዝገበረቶ ስልቲ፡ ኣብ ኣሃዱና ንዓመት ምሉእ ዘዛነየ ተዘክሮ እዩ። ጓል ኣዲንነ፡ ኣብ ካልኣይ መዓልትና፡ ዓይኒ ምድሪ ክትጥቀም ካብ መስርዓ ትወጽእ እሞ፡ ክትምለስ ምስ በለት ኣንፈታ ህልም ይብላ። ነተን ብድሮ ዝተላለየተን ደቂ መስርዓ ዳግማይ ከተለልየን ተጸገመት። ኣብ ሓደ ከባቢ ዘወን ክትብል ጥራይ ብዙሕ ደቓይቕ ሓለፈ።



ኣብ ሳዋ ብልምዲ ትእዛዝ ወይ ሓበሬታ ኣብ ዝወሃበሉ ግዜ፡ ማዕጾ ብዓውታ ብምህራም፡ ጸጥታ ትሕሉ እሞ ድሒሩ እቲ ዘድሊ መልእኽቲ ይመሓላለፍ። ብድሮ፡ ሓደ ካብቶም ኣለይትና ብኸምዚ ኣገባብ ትእዛዝ ከሕልፍ ዝርኣየት ጓል ኣዲንነ ድማ እቲ እንኮ መፍትሒ ንሱ ጥራይ ኮይኑ ተራእያ።

ማዕጾ ሓይልና ብዓውታ ገም ገም ኣበለት። ሓደስቲ ብምምንባርና ዝሓልፈና ሓበሬታ ከይህሉ ኵልና ጽን በልና። ኣቓልቦ ኵሉ ሰብ ናብኣ ከም ዘሎ ዘረጋገጸት ጓል ኣዲንነ ናይ ትግርኛን ኩናማን ላህጃ እናደባለቐት፡ "ካልኣይ ሃይሊ፡ ንኣይ ትፈልጡኒ፧" በለት። ኵሉ ሓይሊ ጋን ኮይኑዎ ስቕ በለ። ደጊማ "ካልኣይ ሃይሊ ኣነ ጋግየኩም፡ ንስኹም ተላልዩኒ፧ ትፈልጡኒ ተኾንኩም ምስ መን እየ ነይረ፧" ምስ በለት ሓይሊ ምልእቲ ብሰሓቕ ክርትም በለት። ዓሰበይ እንብላ ጓል ሓይልና ትቕብል ኣቢላ፡ "ቀደም እንተ ዘይፈለጥናኪ ሕጂ ንፈልጠኪ፡" ብምባል ናብ መስርዓ ክሳብ ትበጽሕ ሓገዘታ። ዓመት መመላእታ ማዕጾ ገም ገም ኣብ ዝብለሉ እዋን፡ "ወተሃደራዊ ትእዛዝ ድዩ ወይስ ዝጠፍአ ሰብ ኣሎ፡" ብምባል መጫረቒ ሓይልና ዝነበረት ፍጻመ እያ። ሳዋ፡ ብፍቕሪ እቶም ካብ ቤትና ዝረሓቑ ኤርትራውያን ኣሓትናን ኣሕዋትናን ዝያዳ ትርጉም ትህብን ትምቅርን ምኻና ዋላ ንሓንቲ ደቒቕ እኳ ከይዘንጋዕና፡ ዓመት ምሉእ ተጓዒዝና፣ ኪንዮ ሓደ ዓመት ዝኸይድ ዝኽርን ተመኩሮን ድማ ደሊብና።

ኣብ ታሪኽ ናይ ሓንቲ ሃገር፡ ንመንነት፡ ሓድነትን ልኡላውነትን ዝሃንጽን ዘውሕስን ዝተፈላለየ ትካላት ክህሉ ይኽእል እዩ። ኣብ ኤርትራ፡ ልዕሊ ሳዋ ንዜጋታት ብማዕረ ናይ ምህናጽን ምኹስኳስን ተራ ዝተጻወተት ትካል ኣላ ምባል ኣጸጋሚ እዩ። ከም መርኣያ ናይዚ፡ ቅድሚ ሒደት መዓልታት፡ መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሓደ ታሪኻዊ መድረኾም ዛዚሞም ክምረቑ ከለዉ፡ ዝስዕብ ዙርያ ድማ ድሮ ናብቲ መሰረት ሓድነት ዝኾነ መዓስከር ኣብ ምጉዓዝ ይርከብ። እዚ ምስግጋር'ዚ፡ ምስክር ቀጻልነት ወለዶታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኤርትራ ንዘሎዋ ናይ መኸተን ጽንዓትን መሰረት'ውን ዘንጸባርቕ እዩ። መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኤርትራ፡ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ኣዕኑድ ሃገራዊ መንነትና እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ብዙሕ ፈተነታትን ብድሆታትን ኣጋጢሙዎ እኳ እንተኾነ፡ ሎሚ'ውን ከም ቀደሙ፡ ጽኑዕ ሓይሊ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

ኣብዚ ውልቃውነትን ስስዐን ዝዓብለሎ ዘመናዊ ዓለም፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓቢ ሃገራዊ መደብ ምውናን፡ ኣብ ምህናጽ ድልዱል ሃገራዊ መንነት ዘሎዎ ተራ፡ ንኻልኦት ህዝብታት ዓቢ ትምህርቲ ዘምሓላልፍ እዩ። ብዙሓት ሃገራት ናይ ገዛእ ርእሰን ሓድነት ክዕቅባ፡ ዜጋታተን ብሃገራዊ ኣተሓሳስባ ክሃንጻ ይጽገማ እየን። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣደዳ ውሽጣዊ ግርጭትን ሕንፍሽፍሽን ክኾና ምርኣይ ካብ ከባቢና ከይረሓቕና እንረኽቦ ኣብነታት እዩ። ኣብ ተመኩሮና፡ ብመገዲ ሳዋ ዝሃነጽናዮ ብቑዕ፡ ውዱብን ድልዱልን ትካላት ድማ ንኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብፍላይ ድማ መንእሰያት፡ ኣብ ሓደ ሃገራዊ ቅኒት ክሰምር፡ ሓባራዊ መረዳእታ ከማዕብል፡ ንመትከላትና ዝዓበየ መሳርሒ ዝኾነ ጸጋ ሰብ ክንሃንጽ ዕዙዝ ተራ ዝነበሮን ዘሎዎን እዩ። ነዚ ሃገር ናይ ምህናጽ ዕላማ ክዉን ኣብ ምግባር፡ ንዝሓለፈ 32 ዓመታት ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት በዚ ሃገራዊ መስመር ሓሊፎም እዮም። ኣብዚ ቅንያት ድማ ኣባላት 39 ዙርያ ናብ ሳዋ የምርሑ ኣለዉ።

ኣብዚ ቅንያት'ዚ ኣብ ብዙሓት ናይተን ደቀን ዘፋንዋ ስድራቤታት ኮነ ተመሃሮ ዘሎ ሃዋህው ዳርጋ ተመሳሳሊ እዩ። ዘድልዮና ነገራት ክንዘርዝር፡ ክንሽምት፡ ፈተውትና ክንረክብ፡ ወዘተ እንሕልፎ ግዜ እዩ። ወለዲ'ውን ንደቀም ዝኸውን ጥረ ነገራት ኣብ ምቕራብ፡ ኮታስ ዘድልዮም ምድላዋት ኣብ ምግባር እዮም ተጸሚዶም ዘለዉ። እዚ እቲ ብልምዲ እንገብሮ ምድላዋት እዩ። ኪንዮኡ ዝኸይድ ሞራላውን ስነ ኣእምሮኣውን ምቅርራብ'ውን ተወንዚፉ ኣሎ ዝብል እምነት የብለይን። ሳዋ ኪንዮ እቲ ኣብ ሳንጣና እንማልኦ፡ ንኸርስና ጥራይ ዝመልእ ቊጻር-ምጻር፡ ንምሉእ ህይወትና ዝኸይድ ስንቂ ኣዳልያ እያ ትጽበየና ዘላ።



ሳዋ፡ ከምቲ ኣብ ገዛና ዝለመድናዮ ሃዋህው የብላን። ፍሉይ ክሊማ፡ ሓደስቲ ሕግታት፡ ጽኑዕ መደባት ትምህርትን ወተሃደራዊ ተዓሊምን፡ ነቲ ዝለመድናዮ ተዛማዲ ምቾት ዝጻረር እዩ። እቲ ቀንዲ ዕላማ ድማ ኣብዚ ዝተፈልየ ኩነት ብኸመይ ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን ጥንካረ ነማዕብል እዩ። ኣብ ዝተወሰነ ኣካዳምያዊ ንጥፈታት ጥራይ ተሓጺሩ ዝጸንሐ ነብስና፡ ናብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዝተፈልየ ተመኩሮታት ኣብ እንሰጋገረሉ እዋን፡ ኣብ ህይወትና ንዘጋጥም ኵሉ ዓይነት ማዕበላት ኣብ ምስጋር ዝሕግዘና ትብዓትን ውሽጣዊ ሓይልን ከም እንሃንጽ ዝገብር ኣገዳሲ ምዕራፍ እዩ።

ኣብ መዓስከር ሳዋ ከም ብዓል ጓል ኣዲንነን ዓሰበይን ዝኣመሰሉ፡ ካብ ኵሉ ኵርናዓት ኤርትራን ዝተፈላለዩ ድሕረ ባይታን ዝመጽኡ ኣሽሓት መዛዙና ኢና ንራኸብ። እዚ እቲ ኣብ ዕምርና ክንረኽቦ እንኽእል ዝዓበየ ናይ ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ቤተ ፈተነ እዩ። ኵሉ ዓይነት ፍልልያትና ብምጽባብ፡ ንሓድሽ ባህልታትን ኣተሓሳስባታትን ክፉታት ክንከው ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ንሓደ ዓመት መመላእታ ብሓባር ምብላዕ፡ ምድቃስ፡ ምስራሕ፡ ጽቡቕን ሕማቕን ግዜ ብሓንሳብ ምቕዳስ ክሳብ ክንደይ ዓቢ ናይ ተጻዋርነትን ማሕበራዊ ክእለትን ከም ዘማዕብል እንግንዘበሉ ስፍራ እዩ። እቲ ኣብ ሳዋ እንምስርቶ ዝምድናታት፡ ኣዕሩኽትናን መሓዙትናን ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣብታ ካልኣይቲ ቤትና እንረኽቦም ናይ ምሉእ ህይወትና ጽኑዓት ብጾት እዮም። ኪንዮ ሰሓቕን ጸወታን፡ ኣብ ግዜ ሽግር ጸገማትና ብሓባር ምፍታሕ፡ ብሓባር ምሕሳብ፡ ውልቃውነት ምውጋድ፡ ሓልዮትን ተጻዋርነትን'ውን ካብቲ ዝጠቕሰናዮ ዘይሰንፍ ተመኩሮ እዩ።



ዝዓበየ ካብ ሳዋ ደሊብናዮ እንምለስ ናይ ህይወት ስንቂ ስነ ስርዓት እዩ። ነቲ ካብ ወጋሕታ ክሳዕ ምሸት ዘሎ ኣዝዩ ስሩዕን ውዱብን መደባት ብብቕዓት ምስታፍ፡ ነብስና ክንመልኽ፡ ግቡእ ኣጠቓቕማ ግዜ ክንመሃር፡ ከምኡ'ውን ብስርዓት ከም እንጓዓዝ ዝገብር እዩ። እዚ ኣብ ሳዋ ነጥርዮ ስነ ምግባር፡ ብዝግባእ ምስ እንላበሶ፡ ንመጻኢ ሞያዊ ህይወትና ዘውስን ዓቢ ትምህርቲ ኣሎዎ። ግዜና ብግቡእ ከነመሓድር፡ ትእዛዛት ከነኽብር፡ ንዝወሃብ መደባት ብብቕዓት ክንምክት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ጸቕጢ ከም ገይርና ውጽኢታውያን ሰባት ከም እንኸውን ዓቢ ተመኩሮ ኢና ንቐስም።

ድሮ ናብ ሳዋ ምውራድ ጀሚርኩም እትርከቡ ኣባላት 39 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት እምበኣር፡ ከምቲ ወለዲኹም፡ ዓበይቲ ኣሓትኩም ኣሕዋትኩም፡ ዝሓለፍዎ ሃብታም ተመኩሮ ንኽትቋደሱ ተራኹም ኣኺሉ ኣሎ እሞ፡ እንቋዕ ናብዚ ኣብቅዓኩም። ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኹም ጥራይ ዘይኮነ፡ መንነትኩም እተደልድሉሉ ሓድሽ ምዕራፍ ትጅምሩ ኣለኹም። ተሳተፍቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ምኳን ማለት፡ ኣብ ውሳነታት ናይ መጻኢ ዕድላትኩም'ውን ብንቕሓት ምስታፍ በቲ ሓደ፡ ነታ ኵሉና ዜጋታት ሃረር እንብላ ብልጽግትን ምዕብትን ኤርትራ ድማ ኣብ ምህናጻ ቃል እትኣትዉሉ ቦታ እዩ።

ነፍሲ ወከፍ ደቒቕ ኣብ ህይወትኩም ብእትውስኹዎ ሓድሽ ትምህርትን ተመኩሮን ኣብ ግምት እናእተኹም ኵሉ ግዜ ክፉት ናይ ምምሃር ሸውሃት ኣማዕብሉ። ስንቅኹም ድማ ዝዓበየ ራእይ፡ ህርፋን ፍልጠትን ድሉውነትን ክኸውን ኣገዳሲ እዩ። ካብ ሳዋ ዕላማኹም ዛዚምኩም ኣብ እትምለሱሉ ግዜ፡ ከምቲ ፈለማ ናብ ሳዋ ክትኣትዉ ከለኹም ዘይኮነ፡ ንገዛእ ርእስኹም፡ ንስድራቤትኩም፡ ሕብረተሰብኩምን ሃገርኩምን እትጠቕሙ ብሱላት ዜጋታት ኴንኩም ከም እትምለሱ ርግጸኛ እየ።

ዕዉት ናይ ትምህርትን ስልጠናን እዋን ይግበረልኩም!



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ መሓሪ ቀሺ ገብረሃዋርያት ሃብተስላሴ፡ ኣደይ ተኽኣ ተኽለገርግስ ሰለሙን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን 3 ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሰምሃር ዓንደም ተስፋስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋሚካኤል ኤልያስ ገብረማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰለማዊት ሃይለ ኢሳቅ፡ ብዓል ቤተይ ጸጋየ ሮኽረ ተኽለሰንበት ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሰመረ ኪዳ ዓንደሃይማኖት፡ ሓፍተይ ኑቢያት ኪዳ ዓንደሃይማኖት ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

መብራህቱ ከፈላ ንጉሩ፡ ስም ኣደይ ጺጋ በላይ በየን ምባል ተረፉ፡ ጺጋ ሃብተማርያም በየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ናጽነት ተኸስተ ገብረሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ወልድ ዓብደልቓድር ሓሰን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ናዝራዊ ሳሙኤል ማስፍን ምባል ተረፉ፡ ዘኣማኑኤል ሳሙኤል ማስፍን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ጌትነት ተሰማ ኣብራሃ፡ ኣቦይ ተሰማ ኣብርሃ ገብርሄት ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብርሃ ዑቕባሚካኤል ትኩእ፡ ስም ኣደይ ሮማ ገለ ሰመረ ምባል ተረፉ፡ ሮማ ዑቕባሚካኤል ተላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሃይገት ሃለእየሱስ እያይ፡ ኣቦይ ሃለእየሱስ እያይን ሓወይ ደሱላቕ ሃለእየሱስ እያይን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ ኣወጣሽ መብራህቱ፡ ዑቕባጋብር ኣቶ ስልጣን ወልዳይን ሰለሙን ወልዳይን፡ ብፍ/በ/ማሳል ክብሮም ወልዳይ ካሕሰ፣ ንጉዳይ ፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ከሳሲ ኣማኒኤል ወልደኪሮስ ገብረኣብ፡ ተኸሳሲት ሰላም ተኽለማርያም ኣስገዶም፡ ንሓዳር ዝምልከት ክሲ ኣቕሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ሚካኤል ገብረስላሴ ክፍሉ፡ ኣደይ ጸገወይኒ ገብረትንሳኤ ክፍለ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሰለሙን እስጢፋኖስ ሰለሙን፡ ኣደይ ሰማይሽ ሃይለ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣማኑኤል ሃብተ ተላ፡ ሓፍተይ ሰለማዊት ሃብተ ተላ ስለዝዋረፈት፡ 2 ት/ዕድመ ደቃ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኤፍሬም የማነ ማስመር፡ ኣደይ ብርኽቲ መሓሪ ወልደጋብር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 11ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ት/ዕድመ ሰሓት ተኽሉ ክንፉ ምባል ተረፉ፡ ሰሓት ተኽለሃይማኖት ክንፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሳሮን ዘርኣይ መንግስቱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋኣለም መሓሪ ጺጋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ዳዊት ተኽለማርያም ቀለታ፡ ኣቦይ ተኽለማርያም ቀለታ ማሰለኣብን ኣደይ ለተኪዳን ሃብተ ዲናይን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ልቺ ክፍለ ገብረቃል፡ ብዓል ቤተይ ዘርኤ ገብረሚካኤል ገብረኪዳን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍናን ኣብርሃም መንግስ ምባል ተረፉ፡ ማሙቅ ኣብርሃም መንግስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

መርጌታ ሚካኤል ሃይለመለኮት፡ ኣቦይ ሃይለመለኮት ዑቕባዝጊ ጭሩም፡ ዝሃቦኒ ወህብቶ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርጌታ ሚካኤል ሃይለመለኮት፡ ኣደይ ሰላስ ተኸስተ ኣርኣያ፡ ዝሃበትኒ ወህብቶ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ልኡል በየነ ኣስፍሃ ምባል ተረፉ፡ ለላ ኣስፍሃ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሳልሕ ዓሊ ኑር ምባል ተረፉ፡ ሳልሕ እድሪስ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ማሓሙድ መሓመድ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ ማሓሙድ በኺት መ/ድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ምም/ ከባቢ ማይ ኣንበሳ ጎደና 669 ቁ.ገዛ 76 ብቁ. ምስክር ወረቐት 10895 መወከሲ ቁ.119032 ብስም ሓሰን መሓመድ ሙሳ ዝተመዝገበ ልብረቶ ናይ ገዛ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሃልዩ፡ ብቁ.ቴለ 07629909 ኣብ ወሸጢ ሓደ ወርሒ ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይርከይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ኣሕመዲን ኢብራሂም ዑስማን

---

ኣነ መስጦፋ ማሕሙድ ሰዒድ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ ዞባ ቲራቨሎ ፕሎት 47 ፓርሰል ዞን ASP00028126 ፓርሰል 5Z ከባቢ ዚፕትድ ካምጣሎ 1A146 ጐደና 746 ቁጽሪ ገዛ 47 ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቁጽሪ ምዝገባ ንብረት 1:010553/1 ብዕለት 21/09/2016 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንኡ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ወሸጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ኣቶ መስጦፋ ማሕሙድ ሰዒድ

---

መበል 32 ዓመት ጉባኤ ሰብ ብርኪ ናቕፋ ኮርፖረሽን ንዕለት 02/08/2026 ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ ጀሚሩ ስለ ዝካየድ፣ ንኽሳተፉ ኣባላቱ ይዕደሙ። ኣብዚ ዕለት'ዚ ምልኣተ ጉባኤ እንተዘይተረኽቡ ዕለት 09/08/2026 ብዝተረኽቡ ኣባላት ጉባኤ ከም ዝካየድ ንሕብር።

ተወከልቲ ናይ ወክልና ሰነድ ሒዝኩም ክትቀርቡ ንሕብር።
ቦታ፦ ሃገራዊ ቤት ምኽሪ ንግዲ
ዳይረክተራት ቦርድ
ናቕፋ ኮርፖረሽን

---


## ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ፡ ካልኣይን ሳልሳዋይን ደረጃታት

**Golden Integrated** | **Algebra & Geometry**

ስኑ-ቁጽሪ ብዝቐለለ መገዲ ንኽንመልኽን ኣብ ክፍሊ ይኹን ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ክንዕወት ዝሕግዛ መጻሕፍቲ።




ትሕዝቶ መጻሕፍቲ፦

- ኩሉ ዓይነት መግለጺ ናይ ኣልጀብራን ጆሜትርን ዘጠቓለላ
- ልዕሊ 700 ኣብነታት ምስ ኣሰራርሕኡ
- ልዕሊ 1700 ሕቶታት ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመሳሰሉ ሕቶታት ምስ መልስታቶም

ቴሌፎን፦ 07114840

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

የርሳሌም ተስፋኣለም ገብረኣምላኽ ምባል ተረፉ፥ የርሳሌም ተስፋኣለም ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መኮነን ዘርኣይ ደርው ምባል ተረፉ፥ መኮነን ዘርኣይ ደርም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቶማጥሳ ሰረቐ እምሃጸየን፡ ስም ኣደይ ኣብረሀት የማነ ምባል ተረፉ፥ ሰላስ ኢሰያስ ተስፋጽየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ማቴዎስ ሄደረኣብ ኣሉላ፡ ወድና ሳሙኤል ማቴዎስ ሄደርኣብ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ኢትዮጵያ ኤልያስ ተስፋሰላሴ ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ማዕድን ሙሉጌታ ኣስመላሽ፡ ኣደይ ምዕራፍ ደስታ ቢንያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ዓንደብርሃን ገብረእየሱስ ተስፋሚካኤል፡ ሓፍተይ ሉተኪዳን ገብረእየሱስ ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብሉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀሺ ቐለም ኣብርሃም ወረደ፡ ኣቦና ቀሺ ኣብርሃም ወረደ መሓሪ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጸጋይ ገብረኣምላኽ ገብረሂወት ምባል ተረፉ፥ ጸጋይ ሳሙኤል እስቲፋኖስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ህድኣት ገብረትንሳኤ ገብረሂወት ምባል ተረፉ፥ ህድኣት ገብረሂወት ደበሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣምና ተስፋይ ተስፋገርግስ ምባል ተረፉ፥ ኣበባ ተስፋይ ተስፋገርግስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ሕርይቲ ሃይም ወልደገየርግስ፡ ስም ኣደይ ኣብራሃጼን ገብረሃዋርያት ምባል ተረፉ፥ ኣብራሃጼን ገብረሃዋርያት ኣሰፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍትሓዊት ያቆብ ተኽሉ ምባል ተረፉ፥ ኤልሳ ያቆብ ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዘርእሰናይ ያቆብ ተኽለ ምባል ተረፉ፥ ዘርእሰናይ ያቆብ ሃብተሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሴም ኢሳቕ ኪዳን ምባል ተረፉ፥ ሙሴ ኢሳቕ ኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ትዕበ የማነ ዑቕባሚካኤል ምባል ተረፉ፥ ሸዊት የማነ ዑቕባሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳራ ገብረብርሃን ኣርኣያ ምባል ተረፉ፥ ኢሳርያ ገብረብርሃን ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምሕረትኣብ ተወልደ ሳህሉ+1፡ ኣዴና ነ/ሄር ንግስቲ ዘወልዲ ወልዱ ብስበዋ ኣብ ዓዲ ኳላ ዘርከብ ገዛ ስለ ዝሃበትና ክጸድቐልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ሰዛና ተኽለማርያም ነጋሽ ምባል ተረፉ፥ ቀዳዊት ተኽለማርያም ነጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳባ መሓሪ ኣጽብሃ፡ ኣቦይ መሓሪ ኣጽብሃ መሓሪ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ማጅድ የዕበዮ ኣብርሃ ምባል ተረፉ፥ ማጅድ መሓመድ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓዋ ኣሕመድ መሓመድ ምባል ተረፉ፥ ሓዋ መሓመድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ያስሚን መሓመድ ሓምድመሳ ምባል ተረፉ፥ ያስሚን ኣሕመድ መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


# ቀንዴል

## # ትምህርቲ መካኒክ

ብክልሰ ሓሳባትን ብግብርን ብምኩራት መምሃራን
ኣብ ጋራጅ ብግብሪ ምርኣይ ዘለዎ

#ኣካውንቲን ምስ ፒችትሪ

#ምዝርጋሕ መስመር ኤለክትሪክ / ሶላር

#ግራፊክስ

#ጽገና ኤለክትሪካል ማሽን

#ኮምፒተር

ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ከም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር።

ኣድራሻና:- ጎኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል

ቁ.ስ. 121571 /07325197



# መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ንኹሉም ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዘዝጥዕሞም ጊዜን ሰዓትን ኣብዚም ዝስዕቡ ሞያዊ ስልጠናታት ስልጠንኡ ቀጺሉን ንሓደሰቲ ሰልጠንቲ ምዝገባ ጀሚሩ ከምዘሎን ብሓጎስ ይሕብር።

ኣድራሻና፡ ኣብ ማእከል ከተማ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ጎደኒ Red sea Corporation (09) ፊት ዶር. ማሕሙድ ሕክምና ሰኒ'ቶ ብተወሳኺ'ውን ብቁ. ቴሌፎናት 07204551/07218432/112244 ክትረኽቡና ትኽእሉ።

## ሀ. ዘለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➢ Computer application | ➢ Computer maintenance, upgrading and troubleshooting |
| ➢ Engineering Graphics<br>• Graphics Level-1<br>• Graphics Level-2 | ➢ Electronics Level-1<br>Electronics Level-2<br>Electronics Level-3 |
| ➢ Video/film shooting & Photography (ምስኣሉ ብዶሮን ተንቀሳቓሲ ካሜራን) | ➢ Editing (Pinnacle, Adobe premiere pro ) |
| ➢ Mobile software and hardware maintenance | ➢ Principle of Accounting, Peachtree, Tally and Quick book software' |
| ➢ Solar Installation | ➢ Management training<br>• Business management<br>• Office management<br>• Project management<br>• Customers service management<br>• Tour, travel and ticketing management |
| ➢ Electrical line installation | |
| ➢ Printer and Photocopier maintenance | |
| ➢ Software maintenance and programming with Python | |

ንኹሉም ሰልጠንቲ ምትካል ደገ ብነጻ ንምሀር .




# ብስራት ንኣንበብቲ መጽሓፍ

# ውሽጣዊ ሓይሊ

ንዘሎና ውሽጣዊ ጸጋ ብምብርባር፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ዓቢ ዓወት እተጐናጽፍ፡ ንዕላማናን ብህግታትናን ኣነጺራ ብምርኣይ፡ መንገዲ ዓወት ኣብ ምምራሕ ዓቢ እጃም፡ እትጻወት ሓዳስ መጽሓፍ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

ኣንብብዋ፡ ንህይወትናን ከባቢናን ዝቐይሩ ሓሳባት ከነፈልፍል እትድርኽ ትሕዝቶ ኣሎዋ!




ቅድሚ ሕጂ ብደራሲ ዝፈረዩ መጻሕፍቲ:
* ደሴት ፍቑራት
* ቀይሕ መስመር
* ብሉጽ ተመሃራይ


ደራሲ፡ ጆሚ ደጀን ተኽለ

ሞባይል፡ 07377953/ 07190414



# ምርኢት ፈስቲቫል 2026

## ቁሸት ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ











ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ-ክብሮም ጸሃየ
ሳልሕ ዓብደልቃድር



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ዘይንቡር ድኻም ዝበሃል ከመይ እዩ፧

ወዲ ሰብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ድኻም እናተሰምዖ እዩ ዝመጽኦ። ሃንደበት ክመጽእ ዝኽእል ዘይንቡር ድኻም ግና፡ ጠንቁ ዝተፈልየ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዘይንቡር ድኻም፡ ቀልጢፍካ ኣብ ግዜኻ ካብ ድቃስ ተበራቢርካ ናብ ስራሕ ክትወፍር ከቢድ ክም ዝኸውን ይገብር። ዘይንቡር ድኻም፡ እኹል ድቃስ ብዘይምርካብካ ዝተፈጥረ ኮይኑ ይስመዓካ እዩ። ዋላ ድሕሪ እኹል ሰዓታት ድቃስ እዚ ዓይነት ስምዒት ክጠፍእ ኣይርኣን እዩ።

ድኻም ሰብነት ብሰንኪ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ጸገማት ጥዕና ክፍጠር ይኽእል እዩ። ዘለካ ሕማማ ንምክትታል ዝወሰድ ስፉዕ መድሃኒት፡ ሕዱር ቃንዛ ወዘተ'ውን ገለ ካብቶም ድኻም ሰብነት ክስመዓና ዝገብሩ ጠንቅታት እዮም። ነቲ ጠንቂ ብዝግባእ ምልላይ ሓደ ካብቲ ነቲ ጸገም ንምፍዋሱ ዝቐለለ ዝጉብሮ መንገዲ እዩ።

ክልተ ዓይነት ድኻም ሰብነት እዮም ዘለዉ - ኣእምሮኣውን ኣካላውን። ክልቲኦም ዝተፈላለዩ'ኳ እንተኾኑ፡ ብዙሕ ግዜ ግና ብሓንሳብ እዮም ዝኽሰቱ። ምሕር ኣካላዊ ሃልኪ ዘለዎ ሰብ፡ ኣእምሮኡ ኩዱክም ንብር ስለ ዝኾኑ።

ሓደ ሰብ ኣካላዊ ድኻም ምስ ዝህልዎ፡ ነቲ ተደጋጋሚ ዝጾ ስራሕ ክፍጽሞ ዓቕሊ ክኸኖ ይረሓ እዩ። ንኣብነት፡ መዓልታዊ ናብ ዝሰርሓሉ ክፍሉ ክበጽሕ ንውሕ ዝበለ መሳልል ይጥቀም እንተኒይሩ፡ ንምድያቡ ክኸብዶ ወይ እናዕረፈ ክድይቦ ይርኣ። ናይዚ ምልክት ኣብ ጭዋዳታቱ ዝፍጠር ድኻምን ቃንዝን እዩ።

ኣእምሮኣዊ ድኻም ዘለዎ ሰብ፡ ኣብ ሓደ ነገር ኣተኩሩ ከድህብን ክስተብህልን ይጸግሞ። ምትኻስን ምፍዝዛዝን ናይዚ ምልክታት እዮም። ሓደ ስራሕ ንቑሕ ኴንካ ክትዓዮ ስለ ዘይትኽእል ክተሳልጦን ብግቡእ ክትፍጽሞን ትሸገር።

### ምትኻስን ድኻምን ፍልልይ ኣለዎ ድዩ፧

ምትኻስ ብዙሕ ግዜ እኹል ሰዓታት ድቃስ ምስ ዘይንረኽብ ወይ ብዘዮዮእ ምስ ዘይንበራበር ዘጋጥም ተርእዮ እዩ። ምትኻስ ሓደ ሓደ ግዜ ምልክት ናይ ድኻም ኣእምሮ ኮይኑ ይቐርብ እዩ። ብስእነት ድቃስ ዝሰዓበ ምትኻስ፡ ካብ ዘይንቡር ድኻም ዝፈልዮ፡ ንኣዝዩ ሓጺር ሰዓታት ዝጸንሕ ብምዃኑ እዩ። ገለ ሰዓታት ቀም ብምባል ክትፍወሶ ይከኣል።

ዘይንቡር ድኻም ሰብነት ግና፡ ብፍላይ ሕዱር ምስ ዝኸውን፡ ምስ ጥዕናዊ ጸገም ዝተኣሳሰረ እዩ።

### ጠንቅታት ዘይንቡር ድኻም ሰብነት

ድኻም ሰብነት ምስ ጥዕናዊ ኩነታትን ኩነታት መነባብሮን ምትእስሳር ኣለዎ።

### ኣእምሮኣዊ ጥዕናዊ ኩነታት

ድኻም ሰብነት ልሙድ ምልክት ናይ ጭንቀት/ ቃንዛዮት እዩ። እቲ ጭንቀት ብሰንኪ ስእነት ድቃስ (insomnia) ዝሰዓበ'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ድኻም ሰብነት ብሰንኪ፦**

- ወጥሪ፡
- ብሰንኪ ሞት ዝኸሰት ምሕር ሓዘን፡
- ዘይንቡር ኣመጋግባ፡
- ሻቐሎት፡
- ምስልካይ፡
- ጸገም ኣብ ኩነታት ናብራ/ ሓዳር ወዘተ ዝኣመሰሉ ኣእምሮኣዊ ኩነታት ክስዕብ ይኽእል እዩ።

### ኩነታት ኣነባብራ

ዘይንቡር ኩነታት ይስመዓካ እንተሎ፡ ጠንቁ ኣብ ኩነታት ኣነባብራኻን ትገብሮ ንጥፈታትን ዝተመስረተ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንኣብነት በዞም ዝስዕቡ ጠንቅታት ኣካላትና ረሸሽ ክብለና ይኽእል እዩ፦

- ምሕር ኣካላዊ ጻዕሪ፡
- ሕጽረት ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡
- ዋሕዲ ድቃስ፡
- ልዕሊ ንቡር ክብደት ምውናን ወይ ምኽሳስ፡
- ብዙሒ ኣልኮላዊ መስተ ምውሳድ፡
- ብዙሒ ካፌን ምውሳድ፡
- እኹል መኣዛ ዘለዎ መግቢ ዘይምርካብ፡

### ኣካላዊ ጥዕናዊ ኩነታት

ሓፈሻዊ ጥዕና ሰብነት ዘይምርካብ ንባዕሉ ድኻም ክስመዓና ይገብር እዩ። ናይዚ ኣብነታት፦

- ኣነሚያ - ዋሕዲ ደም፡
- ነድሪ መላግቦ (arthritis)፡
- ቃንዛ መላእ ሰብነት (fibromyalgia)፡
- ረኽሲ ከም ሰዓልን ጉንፋዕን፡
- ረኽሲ ጸኪ ጉሮሮቲ (hypothyroidism)፡
- ስእነት ድቃስ (insomnia)፡
- ሸውሃት ኣልቦነት (anorexia)፡
- ሕማም ሽኮርን ካልኦት ሕዱር ሕማማትን።

### መዓስ ናብ ዶክተር ትኸይድ፧

- እቲ ዘይንቡር ድኻም ካብ ምንታይ ዝሰዓበ ምዃኑ ብግቡእ ክተለልዮ ምስ ዘይትኽእል፡
- ሙቐት ሰብነትካ ካብ ንቡር ንላዕሊ ይውስኽ ምስ ዝህሉ፡
- ሃንደበታዊን ቀልጢፉን ምጉዳል ክብደት ሰብነት ይረኣየካ እንተሎ፡
- ንዝሑል ኩነታት ኣየር ብቐሊሉ ተኣፋፊ ምስ እትኸውን፡
- ድቃስ ምስ ዝኣብየካ ወይ ምስ ደቀስካ ምብርባር ምስ እትስእን፡
- ጸቕጢ ይስመዓካ እንተሎ ናብ ሓኪም ብምቕራብ ግቡእ መርመራ ክትገብር ይግባኣካ።

### እቲ ዘይንቡር ድኻም

- ድሕሪ ተደጋጋሚ ሕማም ርእሲ፡
- ድሕሪ ደም ዝተሓወሶ ተምላሲ፡
- ምስ ቃንዛ ኣብ ኣፍ ልቢ፡
- ምስ ምጥፋእ ወናን፡
- ምስ ዘይንቡር ህርመት ልቢ፡
- ምስ ሕጽረት እስትንፋስ፡
- ምስ ቃንዛ ከስዐን ዓንዲ ሕቖን ዝሰዓበ ምስ ዝኸውን'ውን ምልክት ናይ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ክኸውን ስለ ዝኽእል ብቐልጢፍ ሕክምናዊ መርመራ ክትገብር ይግባኣካ።

### ፍወሳ

### ምውሰዋስ ኣካላት

ንጡፍ ዘይምኳን ሓደ ካብቲ ኣካላትካ ትሑት ጸዓት (energy) ከም ዝርከብ ዝገብር ጠንቂ እዩ። ብዙሓት ሰባት ግና ብዙሕ ምንቅስቓስ ከም ዘሰልቾን ኣብ ግዜ ቀትሪ ክንታኽስ ከም ዝገብርን ገይሮም እዮም ዝገልጽዎ።

መዓልታዊ ብተደጋጋሚ ኣካላቶም ረሸሽ ክብሎም ዝረኣዩ ሰባት ኣለዉ። እዚ ብጥዕናዊ ኣገላልጻ ሕዱር ናይ ድኻም ኣዝሀዝሆት (chronic fatigue syndrome - CFS) ተባሂሉ እዩ ዝግለጽ።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ትሑት ብቕዓትን ናይ ምጸዋር ደረጃን ናብ ሕዱር ናይ ድኻም ኣብር ማለት 'CFS' የምርሕ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ልዕሊ 1,500 ብ'CFS' ዝሳቐዩ ሰባት ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጸርዮ ምውሰዋስ ኣካላት ካብቲ ጸገም ከናግፎም ተራእዩ እዩ።

ምውሰዋስ ኣካላት ኣብ ግዜ ቀትሪ ዝስመዓና ዘይልሙድ ድኻምን ትኽስ ምባልን ኣብ ምእላይ ልዑል ተራ ከም ዘለዎ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት'ውን ከረጋግጽዎ ክኢሎም እዮም።

ስለዚ፡ መጠን ጸዓት ኣካላትካ ንምዕባይ ካብ ብዝዝሒ ኮፍ ምባል ክትንቀሳቐስ ከም ዘለካ እዮም ክኢላታት ዝመኽሩ። ከም ኣብነት ኣብ ክንዲ ነዊሕ ሰዓታት ኮፍ ኢልካ ትሰርሕ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ፍርቂ ሰዓት ተንስእካ ክትንቀሳቐስ ፈትን። ኣብ ክንዲ ሊፍት ምጥቃም ብመሳልል ናብ ደርብታት ክትድይብ ጸዓር። ኣብ ክንዲ ቀጻሊ መኪና ምጥቃም ብእግርኻ ክትጓዓዝ ይግባእ።

### እኹል ድቃስ ምርካብ

ኣብ ግዜ ቀትሪ ዘይልሙድ ድኻምን ምስልቻውን ክስመዓና ካብ ዝገብሩ ጠንቅታት ሓደ ኣብ ግዜ ለይቲ እኹል ድቃስ ዘይምርካብ እዩ።

ኣብ እንድቅሰሉ እዋን ኣካላትና ሓያሎ ዕዮታት እዩ ዝፍጽም። ኣብ ግዜ ድቃስ ኣእምሮና ዝኸረቶ የሐድሰን ብዘዮዮእ ይዕቅቦ። ኣብ ግዜ ድቃስ ኣእምሮና ንመስርሕ ሜታብሊዝም (መግቢ ናብ ዝደቀቐ ሳብስታንስ ዝቐየረሉ ኣገባብ ምዃኑ እዩ) ዘቃልጥፍ ነዘዕታት (hormones) የመንጩ። ኣብ ግዜ ለይቲ ኣእምሮና ንደረጃ ጸዓት ኣካላትና የዕቢ።

እኹል ድቃስ ረኺብና ኣብ እንበራበረሉ እዋን ኣካላትና ምሉእ ብምሉእ ተሓዲሱ ንቑሕን ሓያልን እዩ ዝኸውን።

ሓደ ሰብ ንቑሕ ኮይኑ ክበራበር እንተኾይኑ፡ ኣብ መዓልቲ ብዝሒ ሸውዓተ ሰዓታት ክድቅስ ከም ዘጉብኦ ይምከር። እቲ ሰዓታት ድቃስ ምስ ዘይቀራረጽ ምሉእ ዕረፍቲ ክትረክብ የኽእለካ እዩ።

ኣብ ግዜ ቀትሪ ንጡፍ ኴንካ ምውዓልን ግቡእ ስርሓትካ ክትፍጽም ምኽኣልን ኣብ ግዜ ለይቲ ጽቡቕ ንክትድቅስ ይሕግዝ እዩ። ምውሰዋስ ኣካላት ምኽያድ ጽቡቕ ድቃስ ንኽትረክብ ካብ ዘኽእሉ ንጥፈታት ምኳንም ኣይትዘንግዑ።

ንሓጺር እዋን ቀም ምባል (napping) ደረጃ ጸዓት ኣካላትና ኣብ ምዕባይ ተራ ከም ዘለዎ'ውን ይንገር እዩ። ኣብ ዝስልችወና እዋን ንሓጺር ሰዓታት ቀም ኣብልና ክንበራበር ጽቡቕ ከም ዝኾነ እዮም ክኢላታት ዝመኽሩ።

### ዓይነት ትወስዶ መግቢ ምምራጽ

ተኣፋፍነት መግቢ፡ ወይ ድኹም ናይ ምጸዋር ዓቕሚ ሰብነት ከም ዕንፍሩር፡ ድኽመት ምሕቃቕ መግቢ፡ ጸረርታ ኣፍንጫን ሕማም ርእስን ዝኣመሰሉ ምልክታት ይፈጥሩ እዮም። እዚ ድማ ናብ ናይ ቀትሪ ድኻምን ምስልቻውን ክወስድ ዝኽእል ጠንቂ ምኳኑ እዩም ክኢላታት ዝሰማምዕሉ።

ዓይነት ፕሮቲን ግሉተን (gluten)፡ ጻጥን ወጽኢት ጻጥኑ እንቋቑሖ፡ ሳልሳ ሶያ ወዘተ ካብቲ ተኣፋፍነት መግቢ ዝፈጥሩ መግብታት እዮም።

ዘይለመድካዮ መግቢ ብምምጋብካ ድኻምን ምስልቻውን ምልክታት ይፈጥረልካ ከም ዘሎ እንተስተብሂልካ ተቐላጢፍካ ካብ ምምጋብ ክተቋርጽ ከም ዘለካ እዩ ዝምከር።

### እኹል ካሎሪ ዘለዎ መግቢ ምውሳድ

ውሑድ ካሎሪ ምውሳድ ኣካላትካ ረሸሽ ክብሉካን ድኻም ክስመዓካን ይገብር እዩ።

ካሎሪ ካብ መግቢ እንረኽቦ ኣሃዱ ናይ ጸዓት እዩ። ኣካላትና በቲ ካብ መግቢ ዝረኸቦ ካሎሪ ንጥፈታቱ የካይድ - ካብ ምስትንፋስ ክሳብ ምቁጽጻር ሙቐት ሰብነት።

ውሑድ ካሎሪ ኣብ እንወስደሉ እዋን ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ ሰብነትና (metabolism)፡ ነቲ ዝረኸቦ ቁሩብቁሩብ ጸዓት ንምዕቃብ፡ ዘዝም እናበለ እዩ ዝቕጽል። ኣብዚ መስርሕ'ዚ ድማ ድኻም ክስመዓና ንቡር ተርእዮ እዩ።

ኣካላትና ብመጠን ክብደት ሰብነትና፡ ቁመትና፡ ዕድመ፡ ኣካይዳ ንጥፈታትን ካልእ ረቛሒታትን ዘድልዮ ዓቐን ካሎሪ ይፈላለ እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ዘይምታዊ ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ ሰብነት ንምውጋድ፡ መብዛሕትኡ ሰብ ብዝሓጋም 1,200 ካሎሪ ኣብ መዓልቲ የድልዮ።

ዝወሰድናዮ ካሎሪ ትሑት ምስ ዝኸውን፡ ኣካላትና ዘድልዮ ቫይታሚንን ማዕድንን ክረኽብ ኣይክእልን እዩ። እኹል ቫይታሚን 'ዲ'፡ ማዕድን 'ኣይረን' ከምኡ'ውን ካልእ መኣዛዊ መግብታት ምስ ዘይንረክብ ኣብ ግዜ ቀትሪ ድኻምን ምስልቻውን ክስመዓና ንቡር እዩ።

### ኣካላትካ ምጥላል

ኣካላትና ብግቡእ ምጥላል፡ ግቡእ ደረጃ ጸዓት ክህልወና ካብ ዝሕግዙ ረቛሒታት እዩ።


እቲ ቀንዲ፡ መዓልታዊ ኣብ ኣካላትና ዝፍጠር ስነ-ኬሚካላዊ መልስ ተግባር፡ ነቲ ዝጠፍአ ኣካላትና ዘድልዮ ፈሳሲ ሰብነትና (ማለት ማይ) ንምትካእ እዩ።

ድርቀት ዝኸሰት፡ ብሰንኪ ሽንቲ፡ ቀልቀል፡ ረሃጽን እስትንፋስን ዝወጽእ ማይ ንምትካእ እኹል ፈሳሲ ዘይምስታይና እዩ።

ኣብ ኣድካሚ ስራሕ ብምውፋርም ሓደ ሚእታዊት ካብ ክብደት ፈሳሲ ኣካሉ ምስ ዘጉደለ፡ ካብኡ ነቲ ዝጠፍአ ፈሳሲ ዝትክኡ ዝይዳ ከም ዝድኽመን ከም ዝታኽሱን መጽናዕትታት የመልክቱ።

ቀንዲ ምልክታት ድርቀት - ድኻም፡ ምስቻው፡ ምድንዝዛዝን ሕማም ርእስን ምኳኖም ኣይትዘንግዑ። ስለዚ፡ ኣብ መዓልቲ ኣካላትካ ንምጥላል ልዕሊ ክልተ ሊትሮ ማይ ክትሰቲ ከም ዘለካ ይምከር።





### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መደብ ቆላሕታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መመረቕታ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ ነፍሒ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 14:25 | ዶክመንት |
| 15:55 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:25 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ (ድግግም) |
| 18:25 | ጨፌራ ጥዕና |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ኤክስፖ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሪፖርታዥ

# ስነ-ስርዓት መመረቕታ ተመሃሮ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ




የሴፍ ሃይለማርያም

ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ፡ ሓደ ካብ መሰረታዊ መሓውር ፖሊሲ ሃገርና እዩ። ዝኾነ ምርኩስ ብምግባር፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ 35 ዓመታት፡ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ዝኸፍ ወፍሪ እዩ ገይሩ። ኣብ መላእ ሃገር ኣብ ዝርከብ ትካላት ተመዲቦም ንምዕባለ ሃገሮም ብዘወፈይዎ ዝሰርሑ ዘለዉ ብዓሰርታት ኣሽሓት ዝቖጸሩ ዜጋታት ድማ፡ ወጽኢት ናቱ እዮም። ዘለናዊ ወቕቲ ድማ፡ ስነስርዓት መመረቕታ ናይ'ቲ ኮሌጃትና ተመሃሮኣን ዘመርቓሉ ብምዃኑ፡ ጸብጻብና ንዕኡ ዘምልከት'ዩ ክኸውን።

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ፡ ብ18 ሓምለ ንመበል 19 ግዜ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ መማህራን፡ ናይ ክብሪ ዕዱማትን ወለዲ ተመረቕትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ምዕሩግ ስነስርዓት፡ መመረቕታ ኣካይዱ ኣሎ። ነቲ ስነስርዓት መመረቕታ ፈጻሚ ዳይረክተር ትካላት ላዕለዎት ትምህርትን ምርምርን ዶ/ር ሃይለ ምሕጹን ብወግዒ ዝኸፈቶ ኮይኑ፡


ኢንጂ. እድያት ተወልደመድህን ምስ ወላዲታ


ኢንጂ. ዘመን መረሳ

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት መመረቕታ፡ እቲ ኮለጅ 25 ሚእታዊት ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 297 ተመሃሮ'ዩ ብደረጃ ዲግሪን ዲፕሎማን ኣመረቑ።

እቶም ብዲግሪ ዝተመረቑ ብሸሞንተ ዓውድታት'የም ትምህርቶም ተኸታቲሎም። ንሳተን ድማ፡ ብዓውድታት ሕርሻዊ ምህንድስና፡ ምህንድስና ስነቀመም፡ ሲቪላዊ ምህንድስና፡ ስነፍልጠት ምህንድስና ኮምፕዩተር፡ ኤለክትሪካውን ኤለክትሮኒካውን ምህንድስና፡ ምህንድስና ባሕሪ፡ሜካኒካዊ ምህንድስናን ምህንድስና ዕደናን እየን። እቶም ብዲፕሎማ ዝተመረቑ ድማ ብኣርባዕተ ዓውድታት ማለት፡ ቴክኖሎጂ መተግበሪታት ኮምፕዩተር፡ ቴክኖሎጂ ናውቲ ኮምፕዩተርን መርበብትን፡ ቴክኖሎጂ ኤለክትሮኒክስ፡ ከምኡ'ውን ቴክኖሎጂ ዕደናን'የም ትምህርቶም ተኸታቲሎም ኣብዚ ደረጃ በጺሖም።

ናይ ክብሪ ዕዱም ኮይኑ ኣብ'ቲ ስነ ስርዓት መመረቕታ ዝተረኽበ ሚኒስተር ህንጻ ኣቶ ኣብርሃ ኣስፍሃ'ዩ። ሚኒስተር ኣብርሃ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ ሰብኣዊ ጸጋ ዓንዲ ማእከል ምዕባለ ሃገር ከም ዝኾነ ብምግንዛብ፡ ጥጡሕ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን ባይታ ብምፍጣር ዝኸፍ ወፍሪ ይገብሩ ከም ዘለዉ ሓቢሩ። ተመረቕቲ ድማ ነቲ ቀሲሞምዎ ዘለዉ ፍልጠት ብዝያዳ ጻዕሪ ኣተኽሮን ተበላሓትነትን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ኣብርቲዖም ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ዶ/ር ኣርኣያ ዘርኣይ ኣብ ዘስመዖ ቃል ከኣ፡ ዕለተ መመረቕታ፡ ናብ ዝበርኸ ሓላፍነት እተሰጋግር መድረኻዊት መደምደምታ ምዃና ብምጥቃስ፡ ገዕዞ ተመረቕቲ ኣብ ምኽሳኽስ ኣእምሮኣዊ ንቕሓት፡ ምህናጽ ዞላቒ ምህንድስና፡ ከምኡ'ውን ምሉእ ሞያዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝበሉ ሰለስተ መትከላት ስለ ዝምርኮሱ፡ ተመረቕቲ ነዚ ኣብዚ ኮለጅ ቀሲሞምዎ ዘለዉ ኩሉ መዳያዊ ምዕባለን ንቕሓትን፡ ኣብ'ቲ ዝዋፈሩሉ ትካላትን ልምዓታዊ ቦታታትን ዕዮኦም ብትግሃት ክሰርሑ ኣገዚቡ። ኣስዒብ ኣቢላ'ውን ወከልቲ ተመረቕቲ፡ እታ ዕለት ከጻጽ ደረት ትርኢት ብምጥማት፡ ሞያዊ ዓቕሞም ኣብ ኣገልግሎት ሃገርን ሕብረተሰብን ንምውዓል ማሕላኦም ዘሐደሱላ ከም ዝኾነት ብምግላጽ፡ ህዝብን መንግስትን ዝሃቦም ሓላፍነት ብጉበራዊ ስራሕ ጋህዲ ክገብርዎ ምዃኖም፡ ብስም ኩሎም ተመረቕቲ ቃል ኣትዮ።

ብድሕሪዚ፡ እቶም ኣብ ትምህርቶም ጸብለልታ ዘርኣዩን ከምኡ ድማ ካብ ዓውደ ትምህርቶም ልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡን ብሉጻት ተመረቕቲ፡ ካብ ኢድ ሚኒስተር ህንጻ ኣቶ ኣብርሃ ኣስፍሃ ምስክር ወረቐቶምን መዳልያኦምን ተቐቢሎም። እቲ ብናይ ወለዲ ዕልልታን ጣቕዒትን ከምኡ'ውን ሕቑፍ ዕምባባ ብምቕባል ብፍሉይ ደሚቑ ንልዕሊ ክልተ ሰዓታት ዝቐጸለ ስነስርዓት መመረቕታ ድማ፡ ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ። ተመረቕቲ'ውን ምስ መማህራኖም፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኮሌጃትን ናይ ክብሪ ዕዱማትን ብምኳን ናይ ሓባር ስእሊ ብምውሳድ፡ ኑታ ፍልጠትን ሞያን ዘቐሰሙዖም ኮለጅ ተሰናቢቶም፡ ናብ ስራሕ ዓለም ተፋንዮም።

ድሕሪ'ቲ ስነስርዓት መመረቕታ፡ ንገለ ወለዲ ረኺብና ስምዒቶም ከካፍሉና ተወኪስናዮም ነይርና። ፈለማ ዝተወከስናያ፡ ብምህንድስና ስነቀመም (Chemical Engineering) 3.77 ብምምጻእ፡ ብኣዝዩ ልዑል ነጥቢ ተመሪቓ ሽልማት ዝዓተረት እድያት ተወልደመድህን እያ። ንሳ፡ "ሎሚ ተሰሚዑኒ ዘሎ ሓጎስ ክቖጻጸሮ ኣይክእልኩን ዘለኹ። እዚ ከኣ ፍረ ጻማ ናይ'ቲ ብዙሕ ማሰናኸልት ሰጊረ ብደገፍ ወለደይን መማህራይን መንግስተይን ንዊሕ ዓመታት ዝጸዓርኩሉ ስለ ዝኾነ፡ ኣዝዩ'የ ተሓጒሰ ዘለኹ። ተመረቕቲ ተጉናጺፍናዮ ዘለና ዓወት ከኣ፡ ዝዓበየ ህያብን ካሕሳን ንወለድን መማህራንን ሃገርን ስለ ዝኾነ፡ እንቋዕ ሓጎሰና እብል" ክትብል ትገልጽ።

ኢንጂነር እድያት ኣስዒባ፡ ስነስርዓት መመረቕታ፡ ነቲ ብናጻ ዘምሃርዎም ህዝብን መንግስትን ንኽኽሕሱ ቃል ዝኣትውላ ዕለት ምዃና ብምጥቃስ፡ ነቲ ዝተመሃሩዎ ብስራሕ ክተግብሩዎ ድሉዋት ምህላዎም ሓቢራ። "ፍልጠት ክቖየርን ክውሰድን ዘይክእል ሃብቲ'ዩ። ክሳብ ኣብ'ዛ ዓለም ብሂወት ዘለኹ ድማ፡ ዘሰነኻኻን ናብ ዕበየት ዝመርሓኒን መሓዛየ። ስለ ዝኾነ ኣብ መጻኢ ጉዕዞ ሂወተይ'ውን ፍልጠተይ ንምዕባይ ኣብሪተ ክሰርሕን ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ክኸታተልን ድሉውቲ ኣለኹ" ኢላ።

ተቐቢላታ ዘላ ሜዳልያ ከኣ፡ ነታ ንብዙሕ ማሰናኸል ሰጊራ ንዓኣን ነሕዋታን ኣብዚ ዝለዓለ ደረጃ ዘብጽሓቶም ክብርቲ ወላዲታ ሚጀር ኣልጋሽ ተኽለኣብ ከም ዘወፈየታ ገሊጻ። ዕላማኻ ኣጸኒዕካ ኣብ መጽናዕትን ትምህርትን ምትኳር ምስጢር ዓወታ ምዃኑ ብምሕባር ከኣ፡ ተመሃሮ ዕላማኦም ኣጽኒዖም



ኢንጂ. ሰላም ኣብርሃም

ክመሃሩን ሓንሳእ ክስዕሩን ተላቢያ።

ወላዲታ ሚጀር ኣልጋሽ ተኽለኣብ፡ ሰራሕተኛ ኢምግረሽንን ዜግነትን ኮይና፡ ጓላ ብመደብ ተጸንዐ፡ ትሰርሕ፡ ትዘናጋዕ፡ መጻሕፍቲ ተንብብ ምዃና ብምግላጽ፡ ንኹሉ ብደሀይታት ሰጊራ ብዝለዓለ ነጥቢ ክትምረቕ ምብቃዓ፡ ክትገልጾ ዘይትኽእል ልዑል ሓጎስ ከም ዝተሰምዓ ሓቢራትና። ብሕጂ'ውን እድያት ጓሉ፡ ገዕዛኣን ዕላማኣን ትፈልጥን ኣብ ዝለዓለ ክትነብጽሕ ልዑል ድሌትን ጸዓትን ዘለዋን ስለ ዝኾነት፡ ዝበረኸ ዓወት ክትጐናጸፍ ሰናይ ምኞታ ገሊጻ። ንምንታይ እድያት ዝበል ከም ዘወጽኣላ ክትገልጽ ከላ ድማ፡ "እድያት ማለት ምዕሩግ መዘምሚ ናይ ዘርፊ እዩ። ንሕና ከኣ ጓልና ደባዊ ግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ መውዳእታን ቀያድን መዕለቢን መዘዝምን ኣብ ዝተገብረሉ ወቕቲ ስለ ዝተወልደት በቲ ሓደ፣ ወሊድ መዘምሚ ስለ ዝበርናሉን ድማ በቲ ካልእ፡ እድያት ዝበል ስም ኣወጺእናላ። ስለዚ፡ ሳላ ዝተጸመምናን ዝጸናዕናን ከኣ ንኤርትራና እድያት ወይ መዘምሚ ገይርናላ" ክትብል ሓቢራትና።

ኢንጂነር ፊሊሞን ምስየና ድማ፡ ብዓውዲ ኤለክትሪካውን ኤለክትሮኒካውን ምህንድስና ብ3.96 ዝተመረቐ'ዩ። ንሱ፡ ካብ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ ብዝለዓለ ነጥቢ ዝተመረቐ ኮይኑ፡ ዝኾነ ዓወት ክጐናጸፍ ዝኽኣሉ ሳላ ዝጸዓረን ምስ ንፉዓት ተመሃሮ የጽንዕን ይመሃርን ስለ ዝበረን ምዃኑ ይሕብር። ኣብዚ ደረጃ ዝዘበጽሕዎ ወለዱን ኣሕዋቱን፡ መማህራኑ፡ ህዝብን መንግስትን ከኣ ብልቢ የመስግን። ነቲ ብናጻ ዘምሃሮም ህዝብን መንግስትን ከገልግሉ ከኣ ድሉዋት ምህላዎም ይሕብር። በዚ ተማሂርምዎ ዘለዉ ሞያ ድማ ንሱን ብጹቱን ንሃገሮም ተውፉዪራት ኣብ ምግባር ዝከኣሎም ክጽዕቱ ምዃኖም ይገልጽ። ምስጢር ዓወቱ ዕላማ ሒዙ ሳላ ዘጽንዐን ንግዜኡ ብዝግባእ ስለ ዝተጥቀመሉን ምዃኑ ብምሕባር ድማ፡ ኣብ ዓወቱ ልዑል ኣስተዋጽኦ ንዝገበሩ ኩሎም ቤተሰቡን ኣሕዋቱን ኣማስጊኑ።

ወላዲኡ ኣቶ ምስየና ተኸስተ ጉብራት ብገደኡ፡ ብፊሊሞን ወዱ ኣዝዩ ሕቡንን፡ ኣሰር ቀዳማይ ተማሂርም ዝተመረቑ ክልተ ብሉጻት ኣሕዋቱ ምስዓቡ ሕጉስን ምዃኑ'ዩ ገሊጹልና። ከም ወላዲ ምትብባዕን ሞራልን'ኳ እንተዛኽ፡ ኣብዚ ደረጃ ዝበጽሐ ግና፡ ብናቱ ጻዕርን ሓርኮትኮትትን ምዃኑ ሓቢሩ። ምስ'ዞም ሕጂ ዝምረቑ ዘለዉ ብጹቱ ኩሉ ንህዝቦምን መንግስቶምን ዘኽሕሱ ይግበርም ክብል ተላቢዩ።

ብስነፍልጠት ምህንድስና ኮምፕዩተር ዝተመረቐት ኢንጂነር ሰላም ኣብርሃም ብወገና፡ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ምብጽሓ ዝተሰምዓ ሓጎስ ብምግላጽ፡ ንሳን ብጹታ ተመረቕትን ናይ'ዚ ንኹሉ ዜጋ ብማዕረ ዝወሃብ ዕድል ተኻፈልቲ ኮይናም፡ ናብዚ ደረጃ ምምራቕ ምብጽሖም ሓበን ከም ዝሰምዓ ገሊጻ። ንሳ ኣሰዒባ ብዋጋ ናይቶም ምእንቲ እዛ ሃገር ዝሓለፉ ሰማእታትናን፡ እቶም ክቡራ ከይድፈር እምቢ ተተርኢሶም፡ ሓመድ ተሓፊፎም፡ ኣብ ወሰናስን መሬት ዝርከቡ ኣቦታትናን ኣሕዋትናን ከም ዝተማህሩ ብምዝካር፡ "ዕለተ መመረቕታ፡ ኩልና ተመረቕቲ በቲ ዝተማሃርናዮ ዓውደ-ፍልጠት፡ ሃገርን ሕብረተ-ሰብን ዝጠልቡዎ ከምንልእ ኣብ ምህናጽ ሃገር ኣብ ዝግበር ዘሎ ጻዕርታት እጃምና ክነበርክት፡ ሓላፍነት እተሰከምና መዓልቲ'ያ" ኢላ። ኣብዚ ደረጃ ንኽትበጽሕ ብኹሉ መዳይ ንዝደገፉዋ ወለዳን መማህራናን ድማ ኣማስጊና።

ኢንጂነር ሄኖክ ሃይለ'ውን ብዓውዲ ሲቪላዊ ምህንድስና ብልዑል ነጥቢ ተመሪቑ ዘሎ'ዩ። ናይ ነዊሕ ዓመታት ጻዕሩ ከምዚ'ሉ ልዑል ነጥቢ ክሓፍስ ምኽኣሉ ዝተሰምዖ ሓጎስ ብምግላጽ፡ ንወለዱን መማህራኑን ኣማስጊኑ። ዕለተ መመረቕታ፡ ኣብ ዝቕጽል መድረኽ ብዝሓየለ ክሰርሑ ቃል ዝኣትውላ ምዃና ጠቒሱ ከኣ፡ ምስ ተመረቕቲ ብጹቱ ብምኳን ነዚ ሕድሪ ሰማእታት ዝኾነት ኤርትራ ንምምዕባል ኣብርቲዖ ከም ዝሰርሕ ቃል ኣትዩ።

ብዓውዲ ሲቪላዊ ምህንድስና፡ ብኣዝዩ ልዑል ነጥቢ ማለት ብ3.85 ዝተመረቐ ያሲን ዓማር ብወገኑ፡ ንሱን ብጹቱን ነዚ ኩሉ ዓመታትን ብደሆታትን ሰጊሮም ኣብዚ ዕለተ መመረቕታ ምብጽሖም ሓጎሱ ብምግላጽ፡ ንወለንድ መማህራንን ኣማስጊኑ። ዕለተ መመረቕታ ከቢድ ሓላፍነት ዘሰኽም ምዃኑ ብምግላጽ፡ ነቲ ኣብዚ ደረጃ ክንበጽሑ ካብ መዋእለ ህጻናት


ኢንጂ. ፊሊሞን ምስግና


ኢንጂ. ያሲን ዓማር


ኢንጂ. ሄኖክ ሃይለ

ጀሚሩ ክሳብ ናይ ኮለጅ ትምህርቶም ብናጻ ዘምሃሮም ህዝብን መንግስትን፡ ከምኡ'ውን ዘይሕለል ጻዕርን ሞራልን ወለድን መማህራንን ብስራሕ ክኸሕሱ ድሉዋት ምህላዎም ሓቢሩ። ኣብ መወዳእታ ንወለዱ ኣቶ ኣማር ሓሰንን ኑርያ መሓመድሰዒድን፡ እንቋዕ ሓጎሰና ኢሉ። ወላዲቱ ወ/ሮ ኑርያ መሓመድሰዒድ'ውን፡ ኣብ'ዚ ንዝበቅዖም ፈጣሪ ብምምስጋን፡ ንኹሎም ወለድን መማህራንን ኣማስጊና።

ኢንጂነር ዘመን መረሳ ድማ፡ ምህንድስና ዕደና ብ3.63 ዝተመረቐ እዩ። ንሱ፡ ኩሎም ተመረቕቲ ናብ'ዛ ፍረ ጻማኦም ዝሓፍሱላ ዕለት ምብጽሖም እንቋዕ ሓጎሰኩም ድሕሪ ምባል፡ በቲ ቀሲሞምዎ ዘለዉ ዝተፈላለየ ሞያ፡ ሃገሮም ኣብ ምምዕባል ብዝለዓለ ክሰርሑ ምዃኖም ሓቢሩ። ተጐናጺፉዎ ዘሎ ዓወት ንወለዱ ከም ዘወፍዮ ብምግላጽ ከኣ፡ ኩሎም ኣብ ትምህርቲ ዘለዉ መንእሰያት፡ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ፡ መጽናዕቶምን ጻዕርታቶምን ኣሓይሎም፡ ኣብርቲዖም ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስጳኛ፡ ሻምፒዮን ዓለም ኮይና

### መሲ፡ ኣብ ዕምሩ ክዝክሮ ዘይደሊ ጸወታ

ንዋንጫ ዓለም 2026 ክትዕወተሉ ዝለዓለ ማኸኣታዊት ተዋህበዋ ዝመጸኣት ስጳኛ፡ ሰንበት ምሸት ንኣርጀንቲና 1-ብ0 ስዒራ፡ ጸዋእ ዓለም ኣልዒላ።

ስጳኛ፡ ንፈረንሳ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ብዮብኦሊ ብቐዳት 2-ብ0 ስዒራ፡ ናብ ፍጻመ



ካብ ጸጋም ኩባርሲ፡ ሮድሪን ሳይሞንስን

ሓሊፉ፣ ድሕሪ 16 ዓመታት ምኽኣ እዩ።

ናይ 2022 ክብራ ንምዕቃብ ትቃለስ ዝነበረት ኣርጀንቲና ከኣ ንእንግሊዝ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 2-ብ1 ስዒራ፡ ናብ መዛዘሚ ሰጊራ።

እዚ ልዑል ትጽቢት ዝተነብረሉ ጸወታ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ምሉእ ዕብለላ ስጳኛ፡ ድኹም ምንቅስቓስ ኣርጀንቲና ተንጸባሪቑሉ። ስጳኛ፡ ሰለስተ ኣብ ዕላማ ዝዐረማ ፈተነታት ከተካይድ እንከላ፡ ኣርጀንቲና ዘቐደቶ ፈተነ ኣይነበረን። ድሕሪ ዋንጫ ዓለም 1966፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ዝኾነ ፈተነ ከየቕደደት ወጺኣ - ኣርጀንቲና።

ካልኣይ እብረ'ውን ኣርጀንቲና፡ ኣብ ልዳታ ተጻሺጋ እያ፡ ብልዑል ምቁብባል ኩዕሶ ጸወታ ተቖጻጺራ ንዝነበረት ስጳኛ ክትምክታ ፈቲና። ኣብቲ እብሩ ስጳኛ፡ ደምር ፈተነታታ



ናብ 15፣ ኣብ ዕላማ ዝዐረማ ኩሉ ናብ ሸሞንተ ኣብጺሓቶ።

ሳላ ሓላዊ ልዳታ ኢሚሊያኖ ማርቲነዝ ካብ ብዙሕ ፈተነታት እተኾላለት ብመሲ እትቕለስ ኣርጀንቲና ግና፡ ልዳት ስጳኛ ብፍጹም ኣይኳሕኮሓትን፣ ምድኣብ 90 ደቒቕ ባዶ ፈተነ፡ ኣብ ታሪኽ ዋንጫ ዓለም ከኣ ኣብ 90 ደቒቕ ዝኾነ ፈተነ ዘየቐደደት ናይ ፈለማ ጋንታ ኮይና።

"ኣብ ርእሲ ጉርንጉራት መንደዓት" ከም ዝበሃል፡ ኣርጀንቲና፡ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ (መበል 93) ሓደ ካብ ወሳኒት ተጻወትታ ዝኾነ ኢንዞ ፈርናንደዝ ብኽልተ ብጫ ካርድ ተባሪሩዋ። ኣብ ተወሳኺ 30 ደቓይቕ ከኣ ብንደሎ ተጻዋታይ ክትቃለስ ተቐሲቡ።

ስጳኛ፡ ኩሉ መዳያዊ ዕብለላኣ ኣብ መበል 106 ደቒቕ ፍረ ረኺቡትሉ። ኣጥቃዓይ ፈራን ቶረ፡ ካብ ኒኮ ዊሊያምስ ዝመጸኣቶ ኩዕሶ ናብ ሸቶ ቀይሩዋ፡ መራሕነት ድማ ኣትሒዙ፡ ኣብ መበል 12 ኣብ ዕላማ ዝዐረመት ፈተነ ዝተረኽበት ሸቶ ነይራ።

ነዛ ጸወታ ዝኸውን ኣኢጋር ዘይብርም ኣርጀንቲናውያን ኣብ መበል 117 ደቒቕ ብመገዲ ለያነል መሲ ቀዳመይቲ ፈተነኦም ኣካይዶም፡ ናብ ፍጻመ ቅሳዕ ምብጻሕ ዝሓሸ ኣማራጺ ሒዞም ዝበሩ ኣርጀንቲናውያን እተመዓራሪ ሸቶ ክረኽቡ ኣይከኣሉን፣ ስጳኛ 1-ብ0 ተዓዊታ - ሻምፒዮን ዓለም 2026 ኮይና።

ኣብ 120 ደቒቕ 54 ግዜ ኩዕሶ ዝተንከፈ መሲ፡ ኣብ ወሽጢ ልዳት ስጳኛ ዝኾነት ኩዕሶ ኣይተንከፈን። በዚ ድማ ኣርጀንቲናን መሲን ነዛ ጸወታ ክዝክሩዋ ብፍጹም ኣይደልዩን - ምኽንያቱ ኣብ 120 ደቒቕ ኣብ ዕላማ ዝዐረመት ፈተነ ከየቕደዱ ርእሶም ኣደናኒዖም ብምውጽኦም።

ብዘይካዚ፡ ድሕሪ 1962፡ ናይ ፈለማ ጋንታ ኣከታቲላ ዋንጫ ዓለም ዝተዓወተት ካብ ምኻን ድማ ተገቲኣ። ኣብቲ እዋን ብራዚል ን1958ን 1962ን ዋንጫ ዓለም ኣከታቲላ ተዓዊታትሉ ነይራ። ኣብ ኣርባዕተ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም ዝተሳዕረት ቀዳመይቲ ሃገራዊት ጋንታ ድማ ኮይና - ኣብ 1930፡ 1990፡ 2014ን 2026ን ብምርታዕ።

ስጳኛ፡ ኣብታ ንፈለማ ግዜ ጸዋእ ዓለም ዘልዓለትሉ ናይ 2010 ውድድር፡ ንሆላንድ ኣብ መበል 116 ደቒቕ ብዘመዝገበታ ሸቶ እያ፡ 1-ብ0 ስዒራቶ። ከምኡ ናይ ሎሚ ዘመሳሰል ከኣ ተኸሲቱ። ሆላንድ ጆን ሃይቲንጋ ብቀይሕ ካርድ ኣብ መበል 109 ተባሪሩ ብምንባሩ እዩ።

ብሓፈሻ ናይዚ ኣብ ታሪኽ ዋንጫ ዓለም ንፈለማ ግዜ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ስነ ጥበባዊ መደብ ዝቐረበሉ መበል 23 ውድድር ዓለም፡ ሓለቓ ጋንታ ስጳኛ ሮድሪ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ። ደቂ ጋንታኡ - ካብ ሸሞንተ ግጥማት ኣብ ሓንቲ ጸወታ ጥራይ ሓንቲ ሸቶ ዝተመዝገበቶ ኡናይ ሳይሞን ዝበለጸ ሓላዊ ልዳት፣ ወዲ 19 ዓመት ኩባርሲ ከኣ ዝበለጸ መንእሰይ ተጻዋታይ ተባሂሎም።

ኣጥቃዓይ ፈረሳን - ኪሊያን ምባፔ፡ ብ10 ሸቶታት ዝበለዓ ኣመዝጋቢ ኮይኑ 'ወርቃዊት ጫማ' ተሸሊሙ። ኣብ 2022 እውን ነዛ ሽልማት ዝወሰደ ምባፔ፡ ክልተ ግዜ ነዛ ሽልማት ዝተዓወተላ ብምኻኑ ታሪኽ ሰሪሑ። ኹ ወዲ 27 ዓመት ዝኾነ ምባፔ፡ ብ22 ሸቶታት ዋንጫ ዓለም፡ 'ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ' ናይዚ ውድድር ብምኻኑ'ውን ይመርሕ። ምባፔ፡ ምስ ክለቡ ሪያል ማድሪድ ብምኻን'ውን ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ላሊጋን ሻምፕዮንስ ሊግን ተባሂሉ ብምንባሩ፡ ኣብዚ ወቕቲ ሰለስተ ወርቂ ጫማ ዓቲሩ። ወላ'ኳ ብውልቂ ዕዉት ወቕቲ እንተኣሕለፈ፡ ዝኾነት ዋንጫ ግና ኣየልዓለን።

## ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ ተዛዚሙ

ኣብ መንጎ 16 ንኡሳን ምምሕዳራት ዞባ ማእከል ክካየድ ዝጸንሐ ክረምታዊ ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ፡ ሰንበት 19 ሓምለ ኣብ ጸጸራት ከባቢ መቓብር ሓርበኛታት ተዛዚሙ።

ኣብቲ ሳልሳይን መዛዘሚን መድረኽ ዝተኻየደሉ ዕለት፡ ምድብ ሐ (C) 18 ኪሎሜተር ተሰሪዑሎም። ተቐዳዳማይ ገጀረት ናታን እስቲፋኖስ፣ ንናኣድ ብርሃን ዩኤል ሓየሎምን ካብ በሪኽ፡ ኖህ ሚካኤል - ማእከል ከተማ፡ ናኤል ብርሃነ - ገጀረት፡ ኢዝናኤል ሰለሙን ካብ ማእከል ከተማ ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ።

ብወሀሉል ነጥቢ ድማ፡ 19 ነጥቢ ዝኣከበ ናታን ቀዳማይ ክውድእ እንከሎ፡ ናኣድ ብ14 ነጥቢ፡ ዩኤል ብ13 ነጥቢ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዞም። በሪኽ ከኣ ብ25 ነጥቢ ንናይ ጋንታ ውድድር ተዓዊታትሉ። ገጀረት ብ22 ነጥቢ፡ ጎዳይፍ ብ10 ነጥቢ ሰዒበንኣ።

ምድብ ለ (B) 21.6 ኪሎሜተር ተሰሪዑሎም። ኣብ ዙሉዱዎ መሳጢ ውድድር ድማ፡ እሰይ ዓንደማርያም ካብ ሰንበል ንኻልኣይ ተኸቲታሊ ግዜኡ ቀዳማይ ኣትዩ። ስምኦን ጉብረማርያም - ጋላ ነፍሒ፡ ዩኤል የሴፍ - ገጀረት፡ ሰናይ ጳውሎስ - ማእከል ከተማ፡ ኣቤል ኣፈወርቂ - ቲራቮሎ፡ ያፌት ሰለሙን - ፓራዲዞ፡ ክሳብ ሻዱሻይ ተመራሪሖም ኣትዮም።

እሰይ ብወሀሉል 18 ነጥቢ ቀዳማይ ኮይኑ ክውድእ እንከሎ፡ 15ን ትሽዓተን ነጥቢ ዝኣከቡ ስምኦንን ዩኤልን ተኸቲሎሞ። ብጋንታ፡ ሰምበል ብ19 ነጥቢ ቀዳመይቲ፡ ጋላ ነፍሒ ብ15 ነጥቢ ካልኣይቲ፡ ገጀረት ብ11 ነጥቢ ሳልሰይቲ ኮይነን።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር፡ ኣባል በሪኽ ፍርቱና ኣብርሃም እያ ቀዳመይቲ ኣትያ። ኤልዳና ዳኒኤል ኣኽርያ፡ ሱሞያ ዓወት፡ ሚልዮን ኣንገሶምን ዲናር የናስን ሰለስተኣን ካብ ጋላ ነፍሒ፡ ሚርያም የማነ ካብ ጎዳይፍ ድማ፡ ካብ ካልኣይቲ ክሳብ ሻዱሸይቲ ብምዕዋት ነጥቢ ተማቒለን።

ዲናር ብ16፡ ን15ን ሸሞንተን ነጥቢ ዘዋህለላ ፍርቱናን ዳቦራ ሰመረን ኣኸቲላ ጸብለል ኢላ። ጋላ ነፍሒ 36 ነጥቢ፡ በሪኽ 15፡ ኣኽርያ ሸዱሽተ ነጥቢ ኣኪበን ተመራሪሐን ወዲኣን።

ብዘይካ'ዚ፡ ምድብ ሀ (A) ኣብ ዙሉዱዎ ውድድር፡ ተቐዳዳማይ ጎዳይፍ ኣቤል ኪዳን ንመወዳድርቱ ብዊሕ ራሕሪሑ ቀዳማይ ኣትዩ። ደቂ ጋንታኡ ናህሮ ነጋሽ - ኣኽርያ፡ ሱራፌኤል ተኽለማርያም፡ ሰናይ የናስን ሄኖክ ሚካኤልን ከም'ኡ'ውን ኣባል ጋላ ነፍሒ ክብርኣብ መተኻን ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።

15 ወሀሉል ነጥቢ ዝኣከበ ሱራፌኤል፡ ኑቶም 13ን ትሽዓተን ነጥቢ ዘዋህለሉ ናህሮን ኣቤልን ኣኸቲሉ ቀዳማይ ደረጃ ሒዙ። ብጋንታ፡ ጎዳይፍ ብ40 ነጥቢ ቀዳመይቲ፣ ኣኽርያ ብ14 ካልኣይቲ፣ ገዛ ባንዳ ብ3 ነጥቢ ሳልሰይቲ ኮይነን።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ዝወሰዱ ንኡሳን ዞባታት ማእከል፣ በዓል ነጋሲ ናይ ጎዳይፍ፣ ሓፋሽ ተስፋይ ናይ ኣኽርያ፡ ኣኽሊሉ መንግስቱ ናይ ማእከል ከተማ ብዘመዝገብዎ ዓወትን ጽፉፍ ኣመራርሓ ጋንታን፡ ብፌደረሽን ብሽክለታ ዞባ ማእከል ወርቂ መዳልያ ካብ ዝተሸለሙ ኣሰልጠንቲ ምኻኖም፡ ህዝባዊ ርኽቦት ሓቢሩ።

## ኩኩሪያ፡ ከም ቃሉ . . .



"ዋንጫ ዓለም እንተተዓዊትና፡ ምስሊ ገጽ ኣሰልጣኒና ሉዊስ ደ ላ ፎንተ ክውቀጥ እየ።" ኢሉ ዝበረ ናይ ጸጋም ክንፊ ተኸላኻሊ ስጳኛ - ማርክ ኩኩሪያ፡ ቃሉ ከኽብር ምኻኑ ገሊጹ።

ስጳኛ፡ ሰንበት ምሸት ንኣርጀንቲና 1-ብ0 ስዒራ፡ ዋንጫ ዓለም 2026 ምዕዋታ ይፍለጥ።

ኣቐዲሙ ቃል ኣትዩ ዝበረ ኩኩሪያ ከኣ፡ "ኣበየናይ ክፋል ኣካላተይ ክውቀጦ ከም ዝደሊ ክሳዕ ሕጂ ኣይወሰንኩን" ክሳዕ ሓሊፉ፡ ሰብ ክሓተኒ ብምኻኑ ግና፡ ኣብ ዝርኣ ክፋል እየ ክውቀጦ።" ክብል ተዛሪቡ።

ንስጳኛ ኣቐዲሙ ኣብ 2024 ዋንጫ ኤውሮጳ ዘዕተራ ደ ላ ፎንተ፡ ኣብ ናይ ዋንጫ ዓለም ጽንብል እንከሎ፡ ብዛዕባዚ ጉዳይ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ይጋጽ ምህላውም ነገረዶም እዩ። እንተኾነ፡ መብጽዓ እንተኣቲኻ ክትፍጽሞ ኣሎካ። ኣነ ከኣ ክፉእ ኣይኮንኩን።" ክብል ዋዛ ሓዊሱ ተዛሪቡ።

ኣብ መኣርዕ ናይዛ ጋንታ ካብቶም ኣገደስቲ ተጻወትቲ ዝኾነ ኩኩሪያ፡ ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም እንከሎ፡ ካብ ቸልሲ ናብ ሪያል ማድሪድ ምስግጋሩ ይፍለጥ።

## ዜና ብሓጺሩ



* ኣርሰናል፡ መጉዳእቲ ወሲ ተኸላኻሊኣ - ዊሊያም ሳሊባ ነዊሕ ግዜ ዝወስድ እንተመሰለ፡ ኣብ መሰርሕ ምግዛእ ጆን ስቶንስ ክትኣቱ ሓሲባ ኣላ።

ሳሊባ፡ ኣብቲ ሃገሩ ብስጳኛ 2-ብ0 ዝተሳዕረትሉ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም፡ መጉዳእቲ ኢጋጠምዎ ተቐይሩ ምህላዉ ይዝከር፣ ዛጊት ከኣ ክሳብ መዓስ ክእለ እዩ ኣይተነጸረን።

ስቶንስ፡ ድሕሪ ምዝዛም 2025-26፡ ካብ ማን ሲቲ ተፋንዩ፡ ኣብዚ እዋን ናጻ ተጻዋታይ ምህላዉ ይፍለጥ።

* ቸልሲ፡ ንተኸላኻሊ ክሪስታል ፓላስ - ማክሰንስ ላክሮክስ ከተፈርሞ ዝርርብ ጀሚራ - ብመሰረት ጋዜጣ ቶክ ስፖርት።

ንሓዲሽ ወቕቲ ብሓዲሽ ኣሰልጣኒ - ዣቪ ኣሎንሶ እትምራሕ ቸልሲ፡ ኣብ ዝሓለፉ መዓልታት ንኣኮፋፋሊ ኣስቶን ቪላ - ሞርጋን ሮጀርስ፡ ብ117 ሚልዮን ፓውንድ ኣፈሪማቶ እያ።

* ኣብዚ ክረምቲ ንጆሮ ቴለማንስን ሞርጋን ሮጀርስን ብዘኸታታሊ ናብ ማን ዩናይትድን ቸልሲን ዝሰደደት ኣስቶን ቪላ፡ ንኣኮፋፋሊ ዎልቭስ ጃእ ጎሜስ ብ38 ሚልዮን ፓውንድ ኣፈሪማቶ።

እዛ ጋንታ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ናይ ወሸጣ ክብረ ወሰን ብዘሓዘ መስርሕ ንኣኮፋፋሊ ፍራብርግ ጆን ማንዞምቢ ብ50 ሚልዮን ገዚኣቶ እያ።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ፑቲን፡ ንሰሜን ኮርያ መጕሱ



ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሰሜን ኮርያ ቸይ ሶን-ሁይ ኣብ ዝተራኸብሉ እዋን፡ ሰሜን ኮርያ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንዝባ ኩርስክ ካብ ሓይልታት ዩክሬን ሓራ ንምውጻእ ንዝገበረቶ ሓገዝ መጕሱ።

ዲሞክራሲያዊት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ኮርያ፡ ኣብ መወዳእታ 2024 ወተሃደራታ ናብ ሩስያ ኣዋፊራ ምንባራ እዩ ዝግለጽ።

እቶም ኮርያውያን ወተሃደራት፡ ንሰራዊት ዩክሬን ካብ ዶባት ኣብ ምስጓጕን ዝተጻወዱ ኑዩግዢ ኣብ ምእላይን ብንጥፈት ከም ዝተዋስኡ እዮም ሰብ መዚ ሩስያ ዝሕብሩ።

ፕረዚደንት ፑቲን ዝሓለፈ ሰንበት ምስ ሚኒስተር ቸይ ኣብ ዝተራኸብሉ ኢጋጣሚ፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዝሎ ድልዱል ዝምድና ከም ዘሎ መርበብ ሓበሬታ ‘ረሻ ቱደይ’ ኣመልኪቱ።

ንሱ ቀጺሉ፡ ወተሃደራት ሰሜን ኮርያ ኣብ ዞባ ኩርስክ ዘርኣዩዎ ፍሉይ ቅያን ጅግንነትን፡ ኣብ ታሪኽ ሩስያ ዘይርሳዕ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ፑቲን ብዘይካዚ፡ ንመራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን ዘለዎ ምስጋናውን ገሊጹ’ሎ።

እታ ሰሜን ኮርያዊት ዲፕሎማት ብግዲኣ፡ ሃገራ ምስ ሩስያ ስትራተጂያዊ ምሕዝነታ ንምቕጻል ዘለዋ ተወፋይነት ደጊማ ኣረጋጊጻ።

ኪም ጆንግ ኡን ኣቐዲሙ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዝሎ ዝምድና ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ንዝምድና ሩስያን ሰሜን ኮርያን ክበጽሖ ዝኽእል ኣካል የለን” ክብል ገሊጹ ምንባሩ እዮም ጸብጻባት ዝጠቕሱ።

## እስራኤል፡ ኣብ ፕሮፖጋንዳዊ ወፍሪ ልዕሊ 45 ሚልዮን ዶላር ኣባኺና

እስራኤል፡ ኣብ ዓዲ ኣመሪካ ዘሎ ሕማቕ ምስሊ ንምምሕያሽን ኣመለኻኽታ ህዝቢ ኣመሪካ ንምጽላውን ዝዓለመ፡ ብኣርተፍሻላዊ ብልሒ ዝሰርሕ ልዕሊ 45 ሚልዮን ዶላር ዝወድአ ናይ መራኸቢ ብዙሃን ወፍሪ ተኻይዱ ከም ዘሎ፡ ጋዜጣ ‘ዎል ስትሪት’ ገሊጻ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ተቐባልነት እስራኤል ኣብ ኣመሪካውያን እናነከየ ክመጽእ ከም ዝጸንሐ እዩ ዝግለጽ።

ጋዜጣ ዎል ስትሪት፡ እስራኤል ብመገዲ ኣርተፍሻላዊ ብልሒ፡ ኤሜ ሳራን ጆንን ዝብሉ ናይ ብርዒ ኣስማት ተጠቒማ ብሚልዮናት ዝቖጸሩ መልእኽትታት ናብ ኣመሪካውያን ከም ዝለኣኸት ኣመልኪታ።

እስራኤል፡ እቶም መልእኽትታት ካብ ‘ፈተውቲ ንሰላም’ ዝተባህለ ጉጅለ ከም ዝመጸኡ ብምምሳል፡ “ኣመሪካን እስራኤልን ምስ ኣራን ዘካይዳኦ ዘለዋ ዝርርብ ሰላም ንዓለማዊ ጸጥታ ዝጸልዎ ዶ ይመስለኩም፧” ዝብል ሕቶ ንኣመሪካውያን ከም ዘቕረበትሎም፡ እታ ጋዜጣ ወሲኻ ሓቢራ።

ዝሓለፈ ሰሙን፡ ምክትል ፕረዚደንት ኣመሪካ ጄ.ዲ.ቫንስ፡ ገለ ሰብ መዚ እስራኤል፡ ግጭት ኣራን ንኽቕጽል ንርእዮ ህዝቢ ኣመሪካ ከም መሳርሒ ይጥቀምሉ ከም ዘለዉ ወቒሱ ነይሩ።

ማእከል መጽናዕቲ ‘ፒው’፡ ለሚ ዓመት ኣብ ዘካየዶ ዳህሳስ፡ ኣስታት 60 ሚእታዊት ካብ ኣመሪካውያን መንእሰያት ብዛዕባ እስራኤል ሕማቕ ኣረኣእያ ከም ዘለዎም፡ እዚ ድማ ካብቲ ዝሓለፈ ዓመት ዝነበረ 53 ሚእታዊት ልዑል ወሰኽ ከም ዘርኣየ ኣረዲኡ።



ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ እስራኤል ጊዴዎን ሳዓር፡ ሃገሩ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ሕማቕ ምስላ ንምምሕያሽ፡ ኣብ 2026 ልዕሊ 700 ሚልዮን ዶላር ከም እትሰልዕ ገሊጹ ምንባሩ፡ ጸብጻባት ናይታ ሃገር ይጠቕሱ።

## ሩስያ፡ ኦፐሬተራት ዩክሬን ትሃድን

ፈደራላዊ ኣገልግሎት ጸጥታ ሩስያ (ኤፍ.ኤስ.ቢ.)፡ ኣብ ልዕሊ ዩክሬናውያን ኦፐሬተራት ብሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዝተሰነየ ሃደን ጀሚሩ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ብመሰረት እቲ ትማሊ ሰኑይ ኣሃዱ ኤፍ.ኤስ.ቢ. ዝዘርገሖ ተንቀሳቓሲ ስእሊ፡ ሰራዊት ሩስያ ናብ ከተማ ኮንስታንቲኖቭካ ብምእታው ኦፐሬተራት ይደልዩን ኣብ ትሕተ ቍጽጺ ናይታ ከተማ ዕንወት የውርዱን ኣለዉ።

ኤፍ.ኤስ.ቢ.፡ ሰለስተ መኣከቢ ኦፐሬተራትን መኣዚ ነቓጣ ናይተን ድሮናትን ምሉእ ብምሉእ ከም ዘዕነወ ኣፍሊጡ’ሎ።

ብዘይካዚ፡ ዓሰርተ ዕጡቓት ዩክሬን ኣብቲ ስርሒት ከም እተቐትሉ፡ ሰብ መዚ ሩስያ ሓቢሮም።



ምዕናው ከተማ ኮንስታንቲኖቭካ ንሓይልታት ዩክሬን ዓቢ ክሳራ ኮይኑዎም ከም ዘሎ ድማ፡ መርበብ ሓበሬታ ‘ረሻ ቱደይ’ ኣመልኪቱ።

ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ሩስያ ቫለሪ ገራሲሞቭ ብወገኑ፡ ኣብዚ እዋን ወተሃደራት ሩስያ ድሮ ናብ ከተማ ደኑብሮቭካ ብምስጓጕ፡ ምስቲ ኣብቲ ከባቢ ዓሲኖም ዘሎ ሰራዊት ዩክሬን ይዋግኡ ከም ዘለዉ ሓቢሩ።

## ብሪጣንያ - ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ተሸይሙ

ጸላዊ ብሪጣንያዊ ፖለቲከኛ ኣንዲ በርንሃም፡ ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኮይኑ ከም እተሸመ፡ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ኣቃሊሐን።



በርንሃም፡ ትማሊ ምስ ንጉስ ብሪጣንያ - ቻርለስ ኣብ ቤተ መንግስቲ ባኪንግሃም ድሕሪ ምርኻቡ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ሓድሽ ካቢነ ከምዝቐውምን ፈላሚ መደረኡ ከም ዘሰምዕን እተን ማዕከናት ዜና ወሲኸን ገሊጸን።

ትማሊ ሰኑይ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ሰር ኪር ስታመር ናይ ስንብታ መደረ ኣብ ዘስምዓሉ፡ “ኣነ ስርሐይ ወዲአ ኣለኹ። ብሪጣንያ ድማ ካብቲ ቅድሚ ክልተ ዓመት ዝነበረቶ ዝያዳ ሓያል ሃገር ከም እትኸውን ርግጸኛ እየ፡” ድሕሪ ምባል፡ ነቲ ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ዓወት ተመኒዩሉ።

ኣብ ውሽጢ 10 ዓመት መበል ሻብዓይ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኮይኑ ዘሎ በርንሃም ፡ ኣብታ ሃገር ዝጸንሐ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ ኣብ ምህዳእ ተራኡ ክጻወት ምዃኑ ቃል ኣትዩ ኣሎ።

ንሱ ብዘይካዚ፡ ንህዝቢ ብሪጣንያ ኢጋጢሙዎ ዘሎ ናይ መነባብሮ ክብሪ ኣብ ምፍታሕ’ውን ኣተኩሩ ከም ዝሰርሕ ቃል ይኣቱ።

“ብሪጣንያ፡ ንዓለም ዳግማይ ናብ ምርግጋእ ክንመልስ ከም እንኽእል ከተርኢ ክትክእል ኣለዋ። ካብ ናይ ዝሓለፈ 40 ዓመታት ጉዕዞ ሓድሽ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ሞዴል ብምቕያስ፡ ዝዓበየ ለውጢ ኣምጺእና ንቕድሚት ክንከይድ ኢና፡” ክብል’ውን ገሊጹ።

## ስጳኛ - ባርዕ ጫካ ቀጺሉ

ኣብ መላእ ዞባ ጓዳላሃራ - ስጳኛ ትማሊ ሰኑይ ንመበል ሓሙሻይ መዓልቱ ዝቐጸለ ባርዕ ጫካ፡ ኣብዚ ዓመት ኣብታ ሃገር ካብ ዘጋጠመ ተመሳሳሊ ሓደጋታት እቲ ዝኸበደ ኮይኑ ተመዝጊቡ ከም ዘሎ ተገሊጹ።

ክኢላታት ሜትሮሎጂ ናይታ ሃገር፡ ብሰንኪ እቲ ባርዕ መጠን ሙቐት ወሲኹ ብምህላዉ፡ እቲ ሓደጋ ናብ ካልእ ክፋል ናይታ ሃገር ክይልሕም ተሰጊኦ ከም ዘሎ ኣጠንቂቖም።

ስጳኛን ካልኦት ሃገራት ደቡብ ኤውሮጳን፡ ተመራመርቲ ስነፍልጠት ጠንቂ ለውጢ ናይ ክሊማ ምዃኑ ዝገለጽዎ ተደጋጋሚ ባርዕ ጫካ የጋጥመን ከም ዘሎ’ዩ ዝግለጽ።

እዚ ባርዕ ኣብ ዞባ ኣልሜርያ (ስጳኛ) ህይወት 13 ሰባት ዝለከመ ተመሳሳሊ ሓደጋ ድሕሪ ምግጣሙ፡ ክልተ ሰሙን ኣብ ዘይመልእ ግዜ ይኸሰት ከም ዘሎ፡ መርበብ ሓበሬታ ሮይተርስ ኣመልኪቱ።

ከም ሳዕቤን ናይ’ቲ ናብ ልዕሊ 26 ሽሕ ሄክታር ኣስፋሕፊሑ ዘሎ ባርዕ፡ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ነበርቲ ካብ መንበሪ ቤቶም ተመዛቢሎም ከም ዘለዉ፡ ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጓዳላሃራ - ኤሚልያኖ ጋርስያ-ፔጅ፡ ብዙሕ መንበሪ ኣባይቲ ብቲ ባርዕ ተኸቢቡ ከም ዘሎ ድሕሪ ምግላጽ፡ ከቢድ ንዋታውን ሰብውን ክሳራታት ንከየውርድ ይረባረቡ ከም ዘለዉ ገሊጹ።

ኣገልግሎት ትምባየ ኩነታት ኣየር ስጳኛ፡ እቲ ባርዕ ጫካ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ንመጠን ሙቐት ኣየር ናይቲ ከባቢ ናብ 40 ዲግሪ ሴንቲግሬይድ ክብ ክብሎ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቑ’ሎ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፍረ ኣውለዕ | 21/07/2026 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | 163485 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565